# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.269 ቀዳም 11 ሓምለ 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 3
ምህዞ፡ ናይ ዘወትር መንዕዝቲ ደቂ ሰብ

ገጽ 4
“ጕሓፍና ጸጋና እዩ”



ገጽ 5
ምትብባዕ ድዩስ ምሕንቃቕ፡



ገጽ 9
ምንዳይ ሓቂ



ገጽ 11
ዙር ፈረንሳ - ቢንያም ጎልሳይ ኣትዩ



## ዓመታዊ ፈስቲቫል ኤርትራ፡ ካብ 18 ክሳብ 26 ሓምለ ክካየድ'ዩ

ዓመታዊ ፈስቲቫል ኤርትራ 2026፡ ካብ 18 ክሳብ 26 ሓምለ ኣብ ኣስመራ - ቀጽሪ ኤክስፖ ክካየድ ምዃኑ ምድላዋት ዘመሓድር ሃገራዊ ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓል ገለጸ።



ኣብዚ ንትሸዓተ መዓልታት ዝቕጽል ዓመታዊ ሃገራዊ ንግደት፡ ያታውን ዘመናውን ምርኢት መዘናግዒ ደከና ኣብይቲ ብሄራት፡ ሕርሻውን ባሕራውን ጸጋታት ኤርትራ፡ ሰሚናራት፡ ዓርኪ ሰኣላውን ንዋታውን ምርኢት፡ ስፖርታዊ መደባት፡ ምርኢት ምህዞን ሰነዳን መደብ ህጻናትን ካልእን ዘጠቓልል ማሰናድታት ክቐርብ'ዩ።

ተዳልዩ ዘሎ መደባት፡ መዓልታዊ ካብ ሰዓት 9፡00 ቅድሚ ቀትሪ ክሳብ ሰዓት 9፡00 ምሸት ንህዝቢ ክፉት ክኸውን'ዩ።

ባህላውን ስፖርታውን መደባት ዝቐርበሉ 8 መድረኻት ተዳልዩ ከምዘሎን ንጋዳይያን ዘኣንግዱ ሓያሎ ወሃብቲ ኣገልግሎት ትካላት ከምዘለዋ እቲ ሓበሬታ ወሲኹ ኣፍሊጡ።

ብዘይካ'ዚ፡ “ፈስቲቫል ከመይ ወዓለ” ብዝብል ኣርእስቲ - ምሸት ምሸት ኣብ ፍሉይ መድረኽ ዝቐርብ ውዕሎ ፈስቲቫል ዝገልጽ መደብ ክህሉ'ዩ።

ናይ ሎሚ ዓመት ፈስቲቫል፡ ሰንበት 26 ሓምለ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ብዝካየድ ወግዓዊ መዛዘሚ ስነስርዓት ክዕጾ'ዩ።

## ሞልቀ - ግርሁ ሰድራ ስዉኣት ብወፈራ ተሓሪሱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሞልቀ፡ ነበርቲ 19 ምምሕዳራት ከባቢ ብዘወሰድዎ ተበግሶ፡ ግርሁ 817 ሰድራ ስውኣት ብወፈራ ተሓሪሱ።

እቲ ኣብ 61 ዓድታት ዝተኻየደ ወፈራ፡ መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣቐዲሙ ብሲቪል ሰራሕተኛታት መንግስቲ ዝተወሰደ ንሰድራ ስውኣትን ጽግሙትን ወገናትን ናይ ምሕጋዝ መደብ ከምዝኾነ ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ዘርኣይ በርሀ ሓቢሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ሰራሕተኛታት መንግስትን ሰብ ጸጋን ዘዋጽእዎ 90 ሽሕ ናቕፋ ንሓ5 ሰድራ ስውኣት ከምዝተመቓረሐ ኣረዲኡ።

ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ሞልቀ ኣቶ ኣሰገዶም መንግስቱ ብወገኑ፡ ተመሳሳሊ ሓገዝ ብዝተወደበ መልክዕ ከምዝቕጽል ኣረጋጊጹ።

ሓላፊ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕንነትን ኣቶ ፍቕረስላሴ የማነ ድማ፡ ምንባይ ሰድራ ስውኣት ኮማዊ ሰረት ሒዙ ዓመታዊ ዝትግበር መደብ ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ኣብ ክረምታዊ ሕርሻውን ዘድሊ ሓገዝ ከምዝግበረሎም ገሊጹ።



## ማእከል - ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ብውዱብ መልክዕ ተጀሚሩ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ብዝተወደበ ኣገባብ ከምዝተጀመረ፡ ኣብ ጨንፈር ትምህርቲ ሓላፊ ክረምታዊ ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት መምህር ኤፍሬም ተኸለ ገሊጹ።



ኣብዚ ንመበል 28 ግዜኡ ዝቕጽል ዘሎ ወፍሪ፡ 30 ማእታዊት ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 7,379 ተመሃሮ ኣብ 45 ነቑጣታት ተዋፊሮም፡ 95 ማእታዊት ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን፡ 5 ማእታዊት ድማ ኣብ ድሕነት ትራፊክ ጽርግያን ምጽሩይ ሰዱዳትን ከምዝነጥፉ፡ መምህር ኤፍሬም ወሲኹ ሓቢሩ።

ኣብ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ዝዋፈሩ ተመሃሮ፡ ልዕሊ 700 ሽሕ ሜትሮ ቅናታዊ ዛላ ክሰርሑ፡ ከምኡ'ውን ልዕሊ 220 ሽሕ ጉናጉዲ ብምኹዓት ፈልሲታት ክተኽሉ'ዮም።

ኣብ ጨንፈር ብዕጸ-ብልጫን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ኣቶ ሚካኤል ኣብርሃም፡ ኣብ ወቕቲ ክረምቲ ንዝካየድ መደባት ምግራብ፡ ኣብ 9 መደበራት ፈልሲ ልዕሊ 2.6 ሚልዮን ፈልሲታት ኣግራብ ከምዝተዳለወ ብምጥቃስ፡ እቲ 2.3 ሚልዮን ፈልሲታት ክትከል ተመዲቡ ስለዘሎ፡ ኩሉን ትካላት መደባተን ሰሪዐን ናብ ዝተመደበለን ቦታ ልምዓት ክወፍራ ኣዘኻኺሩ።

መምህራንን ኣለይትን ብወገኖም፡ እቲ ወፍሪ ንተመሃሮ ጸቢቕ ናይ ስራሕ ልምድን ናይ ምብህሃል ክእለትን ከጥርዩ ከምዘሕግዞም ብምጥቃስ፡ ንዝተዋፈሩ ዕዮ ጸቢቕ ይዓምዎ ከምዘለዉ ገሊጾም።

ወፈርቲ ድማ፡ ረብሓታት ናይ'ቲ ስራሕ ብምግንዛብ፡ ብንቕሓት ይሳተፉ ከምዘለዉ ሓቢሮም።

ብደረጃ ሃገር ካብ 6 ሓምለ ክሳብ 15 ነሓሰ ኣብ ዝቕጽል ዘሎ ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት 2026፡ 37 ማእታዊት ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም ልዕሊ 30 ሽሕ ተመሃሮ፡ ምስ ኣስታት ሓደ ሽሕ መምህራን፡ ክኢላታት ሕርሻ፡ ኣወሃሃድትን ኣጋርን ሓቢሮም ኣብ 160 ነቑጣታት ተዋፊሮም ኣለዉ።

## ዜና

# ማእከል - ብቐዳማይ ረዲኤት ክሰልጥኑ ዝጸንሑ ተመሃሮ ተመረቑም

ኣብ ዞባ ማእከል - ንኡስ ዞባ ሰሜናዊ ምብራቕ ንሸውዓተ ኣዋርሕ ብቐዳማይ ረዲኤት ዝሰልጠኑ 113 ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 127 ተመሃሮ፡ ብ8 ሓምለ ተመረቑም፡፡

ሓላፊት ሃማመተኤ ኣብ’ቲ ንኡስ ዞባ ወ/ሮ ኣስቴር ጸሃየ ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ ንዝተቐስመ ክልሱ-ሓሳብ ናብ ግብራዊ ውጽኢት ንምቕያር ወህደት ናይ ኩሉ ኣካል ከም ዘድሊ ብምሕባር፡ እቲ ስልጠና ክዕወት ንዝጸዓሩ ኣካላት ኣመስጊና፡፡

ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ ሰሜናዊ ወ/ሮ ጺጋ ኤልያስ ብወገና፡ ዓቕሚ መንእሰያትን ተመሃሮን ንምምዕባል ንዝቐርብ ዘሎ ኩሉመዳያዊ ወፍሪ ብምምጓስ፡ ሰልጠንቲ ንዝቐሰምዎ ፍልጠት ኣብ ጥቕሚ ሕብረተሰቦም ከውዕልዎ ዘለዎ እምንቶ ገሊጻ፡፡


ስእሊ. ፍያመት መስፍን

እዚ ከምዚ’ሉ እንክሎ፡ ብማሕበር ምትሕግጋዝ ቀዳማይ ዘርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ ዝተወደበ ክረምታዊ ደገፍ ትምህርቲ ከም መማህራን ንዘተጥፉ ዘለዉ ተመሃሮ ናይ ምስጋና ወረቐት፣ ምስ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስጒኩልና ንዝኩቡ ተመሃሮ ደማ መተባብዒ መጽሓፍቲ ተዓዲሉ፡፡

# ጋላነፍሒ - ኣብነታውያን መምህራን ተሸሊሞም



ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ጋላነፍሒ፡ 21 ደቂኣንስትዮ ንዝርከብኦም 31 ኣብነታውያን መምህራን፡ ሚዳልያን ገንዘብን ሸሊሙ፡፡


ስእሊ. ሮቤል መረስዕ

ብ9 ሓምለ ኣብ ዝተኻየደ ስነስርዓት፡ ሓላፊ ናይ’ቲ ቤት-ጽሕፈት መምህር ዳኒኤል ሰለሙን ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ መደብ መቐጸልታ ናይ’ቲ ውጽኢት ትምህርቲ ንምምሕያሽ ዝቐየድ ንጥፈታት ከም ዝኾነ ብምሕባር፡ ተሸለምቲ - ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2025/2026 ኣብነታዊ ኣገልግሎት ዝሃቡ ምዃኖምን ብኣብያተ-ትምህርቶም ከምእተረርቑሑን ኣብሪሁ፡፡

ዕላማ ናይ’ቲ መደብ፡ ነቶም ኣብነታውያን ንምትብባዕን ኣብ’ቶም ካልኦት ቅዱስ ቅንኢ ንምሕዳርን ከም ዝኾነ፡ መምህር ዳኒኤል ብዝወሰኾ ገሊጹ፡፡

ሓላፊ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ዞባ ማእከል መምህር የውሃንስ ሰለሙን ብወገኑ፡ ንመምህር ዝግበር ምትብባዕ ኣብ መሰረሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ብቐሊል ዘይጥመት ጽልዋ ዘለዎ ቅዱስ ተግባር ከም ዝኾነ ብምጥቃስ፡ በብደረጃኡ ክድፋኣሉ ኣዘኻኺሩ፡፡

ኣብ’ቲ ኣጋጣሚ ኣብ ዝተኻየደ ገምጋም ትግባረ መደባት ዓመተ-ትምህርቲ 2025/2026፡ መጠን ምሕላፍ ኣብ’ቶም ኣብ ኩሉ ደረጃታት ክመሃሩ ዝጸንሑ ልዕሊ 26 ሽሕ ተመሃሮ፡ ብማእከላይ ገምጋም 89 ሚእታዊት ከም ዝዘበረ በሪሁ፡፡

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ጋላነፍሒ ኣቶ መሓሪ የውሃንስ ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ዘሎ ብልጫታት ክዕቀብን ድኻምት ክፍወስን፡ ምምሕዳር ዓቕሙ ዝፍቅዶ ደገፍ ከም ዝገብር ኣረጋጊጹ፡፡

ብኻልእ ወገን፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2023/2024 ከምኡ’ውን 2025/2026 ብደረጃ ንኡስ ዞባ ኣብ ዝተኻየደ ውድድራት ባህልን ስፖርትን ንዝተዓወቱ ናይ ዋንጫን ዕጥቂ ስፖርትን ሽልማት ተዓዲሉ፡፡

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ሃሎ ቈልዑ |
| 09:40 | ፓኖራማ |
| 10:15 | ጉዳይ ኣብ ዘተ |
| 11:00 | ለሰ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ዶክመንታሪ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:50 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 14:30 | ናትራን |
| 17:00 | መኣዝን ልምዓት |
| 17:35 | ሳይዳ |
| 18:40 | ደረት ቃና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ፊልም ሕደጋት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተክ ኢንሳይት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም   ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ   ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


# ፎሊክ ኣሲድ - ንጥዕና ኣደን ዕሸልን ኣዝዩ ኣገዳሲ ቫይታሚን

ፎሊክ-ኣሲድ ንጥዕና ኣደ ብሓፈሻ ንጥዕና ነፍሰ-ጾርን ዕሸልን ከኣ ብፍላይ ኣዝዩ ኣገዳሲ ስለዝኾነ ብስሩዕ ክውሰድ ከም ዘለዎ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ሓላፊ ኣሃዱ ጥዕና ፍርያምነት ኣቶ ኤፍሬም ዘብኣይ ኣተሓሳሰቡ፡፡

ኣብ እዋን ጥንሲ ዓበይቲ ጥዕናዊ ምልውዋጣት ከም ዝኸሰት ብምጥቃስ፡



ዝሃም ጠንቂ ሕማም ኣደን ዕሸልን ክኾኑ ዝኽእሉ ምልውዋጣት ንምምካትን ንምብዳህን፡ ነፍሰ-ጾራት ተወሳኺ ቪታሚናትን ማዕድናትን ክወስዳ እንተለዋ፡ ፎሊክ ኣሲድ ግና ቀዳምነት ክስራዕ ከም ዝግባእ ኣገንዘቡ፡፡

ኣደታትን ፎሊክ ኣሲድን ቅድሚ ጥንሲ ምስ ዝውሰድ፡ ንመኻኽትን ምድንጓይ ወሊድን ብ40 ሚእታዊት ከምዝጎድሎ ዝሓበሩ ኣቶ ኤፍሬም፡ ብሰንኪ ሕጽረት ፎሊክ ኣሲድ ኣብ ዕሸላት ንዝርአ ክፍተት ዓንዲ-ሕቖ፡ ከንፈርን ትንሓግን፡ ምውላድ መዓልቱ ዘይኣኸለ ዕሸል፡ ከምኡ’ውን ዋሕዲ ደም ምክልኻል ዝጠቓልል ረብሓታት ከም ዘለዎ ኣዘኻኺሩ፡፡

“ዝበዝሐ ኣብ እዋን ጥንስን ሕርስን ዘጋጥም ሓልኪታት ክንቈጻጸሮ ብእንኽእል ጸገማት’ዩ ዝኸሰት” ዝበለ ኣቶ ኤፍሬም፡ ብሰንኪ ሕጽረት ድቀ-መኣዛታት ክኸሰት ካብ ዝኽእል ሓልኪታት ንምክልኻል፡ ኣደታት ቅድሚ ጥንሲ ክትትል ከኪይዳን ንዝተዋህበን ኣደሮንን ፎሊክ ኣሲድን ብስሩዕን ብግቡእን ክወስዳን ኣዘኻኺሩ፡፡

ኣደሮንን ፎሊክ-ኣሲድን ኣብ ቀጠልያ ኣሕምልቲ ከም ስፒናችን ቆስጣን፡ ፍሩታታት፡ ጥረ-ምረ፡ ዓደስ፡ ፋል፡ ባልደንጓ፡ ዓይኒ-ዓተር፡ ካዕካዕ፡ ፍረ ዱባ፡ ጠስሚ፡ ሩዝን እንቋቝሖን ብቐሊሉ ክርከቡ ከም ዝኽእሉ ዝገለጹ ኣቶ ኤፍሬም፡ ብሕክምና ዝወሃብ ተወሳኺ ኣደሮንን ፎሊክ-ኣሲድን እውን ኣገዳሲ ምዃኑ ኣፍሊጦም፡፡

ሕጽረት ፎሊክ ኣሲድ፡ ንኸይሎ ኣካል ዕሸል ጥራይ ዘይኮነ ንሕማማት ልቢ፡ ወቕዒ፡ ካንሰርን ሕማም ረሰዕን ከቃልዕ ከም ዝኽእል ዝጠቐሰ ኣቶ ኤፍሬም፡ ብሰንኪ ድሩት ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ተጠቃምነቱ ከም’ቲ ዝድለ ብዘይምህላዉ፡ ኣስተምህሮን ንቕሓትን ክሕይል ጸዊዑ፡፡

# ኵርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ
surafealtesfabruk@gmail.com

## ምህዞ፡ ናይ ዘወትር መጓዕዝቲ ደቂ ሰብ

6ይ ክፋል

### ህይወት ሰብ ዝቐየረ ሰውራ ስነ ፍልጠት

ጥንታውያን ሰባት ክምልሱዎ ንዘይከኣሉ ሕቶታት፡ ጽዋታት እናፈጠሩ ክምልሱዎ ይፍትኑ ነበሩ። ሰብ ካበይ መጺኡ፧ ህይወቱ ብኸመይ ይነብሮን ናበይ ክኸይድን እዩ፧ ዝብል ናይ ወትሩ ሕቶ ነይሩን ኣሎን። እታ ብርሃን እትህበና ጸሓይ እንታይ እያ፧ ኣበይ ኣላ፧ እዛ ንነብረላ ዓለም ኣበይ ኣላ፧ ኣብ ከባቢኣ ዝርከብ ኣካላት ከመይ ዝኣመሰለ እዩ፧ … ናይ ወትሩ ሕቶታትደቂ ሰብ ነይሩ። ገለኡ ሕቶታት ብማሪታዊ ኣተሓሳስባ፡ ገለኡ ከኣ ምስ ሃይማኖትዊ ኣርኣእያ ብምትሕሓዝ መልሲ ይዳለወሉ ነበረ። ጠንቂ ሓያሎ ሕማማት ምስ ካልእ እምነታት ስለ ዝተተሓዝ፡ ፈውሱ ከይረኽበ ዘመናት ቀጺሉ። ነቲ መልስታት መረጋገጺ ኣብ ዝደልየሉ እኹል ኣይርከብን። ኣንጻር ዝነበረ ኣተሓሳስባን እምነትን ሓሳብ ዘልዕል ኣደዳ ተቓውሞን ተነጽሎን ስለ ዝኸውን፡ ካብኡ ሓሊፉ’ውን ንህይወቱ ሓደጋ ስለዝኾነ ኣተባባዒ ሃዋህው ኣይነበረን።

ኣንጻር ጽኑሕ እምነታት ኲኑ ኣርኣእያታት፡ እኩብ ሓደስቲ ሓሳባት ክለዓልከሎ፡ ‘ሰውራ’ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ንዓለም ምሉእ ዝጸለወ ብዙሕ ዓበይቲ ሰውራታት’ውን ኣሎ። ሓደ ካብኡ ከኣ ሓደስቲ ሓሳባት ኣብ ፊዚክስ፡ ስነ ፈለክ፡ ስነ ህይወት፡ ስነ ቀመምን ካልኦትን ዝፈጠረ ሰውራ ስነ ፍልጠት እዩ። እዚ ሰውራ’ዚ፡ ነቲ ኣብ ጥንታዊት ግሪኽ ዝተሃንጸን ንብዙሓት ዝጸለወን ኣተሓሳስባታት ብምንጻግ፡ መሰረት ዘመናዊ ስነ ፍልጠት ዝኾነ እዩ። እዚ ካብ 1543 ጀሚሩ ክሳዕ 18 ዘመን ከም ዝቐጸለ ዝግለጸሉ ሰውራ’ዚ፡ ንልደቱ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ዝገበሩ፥ ብኒኮላስ ኮፐርኒከስ ዝተጻሕፈት ጸሓይ ማእከል ጸሓያዊ ስርዓት ምዃኑ እትገልጽን ብኣንድርያስ ቨሳሉስ ዝተጻሕፈት ብዛዕባ ኣካላት ደቂ ሰብ እትገልጽ ምዃነን ተማራመርቲ ታሪኽ ስነ ፍልጠት ይገልጹ።

ኣርኣእያ ሰባት ኣብ መሬትን ኣድማስን ምቕያሩ፡ ሞራላውን ሃይማኖታዊ ኣርኣእያታት ክይተረፈ እንደገና ንኽርአ ድፍኢት ፈጢሩ። ምምጻእ ሰውራ ስነ ፍልጠት፡ ተማራመርቲ ንዓለም ብኻልእ ዓይኒ ንኽርእዩዋ ንቕሓት ሂቡ። ዝንባለ ምርምር ዘሎዎም ሰባት፡ ንጽኑሕ ኣመለኻኽታ ሓዲጎም ናብ ብዙሓት ነገራት ዝጠመተ ዝተፈላለየ ሕቶታት ክለዓዕሉ ክኣሉ። ብመሰረቱ ነቲ ሰውራ ዝፈጠረ’ውን ምሕታት ሕቶታት እዩ። እዚ ሰውራ ፍልስፍናዊ ሓሳባት ብምምጻእ ጥራይ ኣይኰነን ዓምቢቡ፣ ነቲ ኣብ ግዜኡ ኣስተዋጽኦ ዝነበሮ ኣሪስቶቲላዊ ኣተሓሳስባታት ብምዕናው እውን እዩ።

ኒኮላስ ኮፐርኒከስ መሬት ዘይኰነት፡ ጸሓይ ማእከል ኣድማስ ምዃና ኣረጋጊጹ። ጆሃን ኬፕለርን ጋሊልዮ ጋሊሊን’ውን ደገፉዎ። ሓያሎ ምዕባለታት ኣብ ስነ ቍጽሪ፡ ስነ መድሃኒትን ስነ ቀመምን ከኣ ሰዓበ። ሰብ ብዙሕ ዳህሳስ ክገብር ምስ ጀመረ፡ ኣብ ተፈጥሮኣዊ ስነ ፍልጠት ተገዳስነት ዘሕድር ብዙሕ ሓደስቲ ኣትክልትን እንስሳታትን ክረክብ ጀመረ። ፍሉይ ተገዳስነት ኣብ ጉዕዞ ባሕርን ስነ ፈለክን’ውን ተቐላቐለ። ዕድመ ንምህዞ ቤት ማሕተም፡ ርኽበታት ስነ ፍልጠት ብመገዲ መጽሓፍቲ ኣብ ሓጺር እዋን ኣብ ብዙሕ ቦታታት ክበጽሕ ክኢሉ። ሃገራት ሓደስቲ ስነ ኪነታዊ ሓገዛት ስለ ዝደለያ ከኣ ንስነ ፍልጠታዊ ምርምራት ክደፍኣሉ ተራእያ።

ሰውራ ስነ ፍልጠት፡ ኣድማስ ስሩዕ ስርዓት ዘሎዎ ሕጊ ተፈጥሮ ዝኽተል ምዃኑ ኣርእዩ። ሰባት፡ ኣብ 18 ዘመን፡ ስነ ፍልጠታዊ ኣገባባትን ተፈጥሮን ኣብ ሕጊ፡ መንግስቲ፡ ሃይማኖትን ካልእን ክጥቀሙሉ ከም ዝኽእሉ ሓሰቡ። እዚ ልዑል ተገዳስነት ኣብ ስነ ፍልጠትን ሕጊ ተፈጥሮን፡ ኣነባብራ ደቂ ሰብ ንምቕያር ክጠቅም ከም ዝኽእል ኣመኑ። እዚ’ዩ ከኣ ናብ ዘመነ ርትዒ (ኤጅ ኦፍ ሪዝን) ዝመርሐ። ነዚ ዝስዕብ ረብሓታት ከኣ ፈጢሩ፤

- ብቐጻሊ ዝምዕብልን ዝቕየርን ስርዓተ ትምህርቲ ፈጢሩ፣

- ናይ እምነት ናጽነት ንኽህሉ ኣኽኢሉ፣

- ተገዳስነት ኣብ ስነ ፍልጠትን ስነ ቍጽርን ብተዓጻጻፊ ዓብዩ፣

- ኣብ ድሕነት ሰባት ኣተኩርካ ምዕያይ ኣገዳስነቱ ልዑል ኰይኑ፣

- ብህዝቢ ዝተወከሉ መንግስታትን ህዝባውያን መንግስታትን ክቖማ ደፊኡ፣

- ኣቐዲሞም ናይ ትምህርቲ ዕድል ዝረኽቡ ዝነበሩ እቶም ኣብ ብርኽ ዝበለ ቀጸላ ሕብረተሰብ ዝነበሩ እዮም። ድሕሪ ሰውራ ስነ ፍልጠት ኣብ ኲሉ ቀጸላ ዝርከብ፡ ትምህርቲ ንኽረክብ ማዕጾ ተኸፊቱ።

ሰውራ ስነ ፍልጠት ንህይወት ደቂ ሰብ ዘማሓየሸን ዝቐየረን ብዙሕ ርኽበታትን ምህዞታትን ንኽግሃድ መድረኽ ኲይኑ እዩ። ኣብ ምዕባይ ፋብሪካታት፡ ምምዕባል ሕርሻ፡ ምምዕባል ኣፋውስን ጸረ ባልዓትን፡ ምህናጽ ሓድሽን ፍሉይን ዝኾነ ስርዓታት…፡ ልዑል ኣበርክቶ ገይሩ።

ቀንዴል

### ንግንዛበ

#### ዘይተጸዓድነት

መንፈሱ ዝተሳዕረ ሰብ ኲሉ ግዜ ስዑር እዩ። ናይ ዘይተጻዓድነት መንፈስ ምህላው፡ ዓወት ንምጒንጻፍ ጥራይ ዘይኰነ ጥዑይ ኣእምሮ ንምውናን’ውን ወሳኒ እዩ። ዘይተጻዓድነት፡ ዝኾነ ዘጋጥመካ ጸገም ንምብዳህ ዘሎካ ኲነተ ኣእምሮን ወዲቕካ ናይ ምትንሳእ ክእለትን ይውክል። ጉዕዞ ህይወት ሰጥ ዝበለ መገዲ ዘይምዃኑ ድማ ነዚ ክእለት እዚ ምውናን ኣገዳሲ ይገብሮ።

ናይ ዘይተጻዓድነት መንፈስና ዘበርኽ ብዙሕ ነገራት’ኳ እንተሃለወ፡ እዚ ዝስዕብ ነጥብታት ግን ገለ ካብቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ተባሂሉ ብብዝሒ ዝጥቀስ እዩ፥

~ ነብስኻ ምክንኻን፡ ግቡእ ኣልያ ነብሲ፣ ነብሰ ክብርኻ ኣዛይዱ ጽቡቕ ከም ዝስምዓካ ዝገብር እዩ።

~ ክፉት ኣእምሮ ምህላው፡ ካልእ ሸነኽ ናይ ነገራት ክትርእን ዓቕልኻ ንኽይጸብብን ዝሕግዝ’ዩ።

~ ትቓርቦም ዓይነት ሰባት፡ ሞራልካ ክብ ዘብሉ እምበር ተስፋ ዘቝርጹን ሕልና ዘዕርቡን ዘይምዃኖም ኣረጋግጽ።

~ እኹል ዕረፍቲ ምውሳድ፡ ብድኻም ረሸሽ ዝበለ ኣእምሮን ኣካልን ናይ ዘይተጻዓድነት ክእለቱ ክጒድል ይኽእል።

~ ኣብ ሕጂ ምንባር፡ ሕሉፍ በደላት ነብስኻ እናዘከርካን ብመጻኢ እናተጨነቕካን ሎምኻ ከይትሰርቃ ተጠንቀቕ።

~ ካብ ዘየድልየካ ነገራት ምርሓቕ፣ ወልፍታት፡ ሰባት፡ ንጥፈታት ወዘተ።

ብጹእ ዝብሃል ሰብ የለን። ጌጋ’ውን መናብርቲ ደቂ ሰባት እዩ። እቲ ዝኸፍአ ነገር ግዳ ጌጋኻ ክትእርም ዘይምፍታንን ካብ ጌጋኻ ዘይምምሃርን እዩ። ካብኡ ዝበኣሰ ከኣ፡ ብዘጋጥመካ ነገር ሞራልካ ተተንኪፉ ደው ምባል ክትስእን እንክለኻ እዩ። ምስጢር ህይወት እኮ ኣብቲ እንካይዶ ጉዕዞ’ዩ ዝርከብ። ስለዚ፡ ብዘጋጥመና ነገራት ከይተዳሃልና ቀጻሊ እናተማሃርናን እናዓበናን ጉዕዞና ክንቕጽል ጽቡቕ’ዩ።

ኣሚራ ሰናይ

### ንሰውራ ስነ-ፍልጠት መሰረት ዘንጸፉ

#### ኮፐርኒከስ (1473-1543)

ኒኮላስ ኮፐርኒከስ፡ ብ1534 ብዛዕባ ጠፈራዊ ስፍሓት እትገልጽ መጽሓፍ ጸሓፈ። ኣብቲ እዋንን ከባብን ዝነበረ ካቶሊኻዊ ቤተ ክርስትያን “ማእከል ኣድማስ መሬት’ያ፡” ኢሉ ይኣምን ብምንባሩ፡ ከየቑጥዖም’ሞ ኣብ ህይወቱ ሓደጋ ከይወርዶ ስለ ዝፈርሐ ግን ከሕትሞ ኣይከኣለን። ድሕሪ ገለ ዓመታት ግን ንኸሕትም ወሰነ። ኣብ ኣጠማምታ ስነ ፍልጠት ከኣ ሓድሽ ማዕጾ ኣርሓወ።

#### ቲኾ ብራህ (1546-1601)

ዝተፈልየ ሓሳብ ሒዙ መጺኡ። “ወርሕን ጸሓይን ኣብ ዙርያ መሬት ይዞራ። ካልኦት ኲለን ፕላኔታት ግን ኣብ ዙርያ ጸሓይ ይዞራ፡” ዝብል ሓሳብ ነይሩዎ። ተመሃራዩ ኬፕለር ብቕመራታት ብራህ ተመሪሑ፡ “ፕላኔታት ኣብ ቅርጺ እንቋቝሖ መሰል ይዞራ፡” ዝብል ሓሳብ ኣምጽአ።

#### ጋሊልዮ ጋሊሊ (1564-1642)

ጋሊልዮ ብሳላሳ ዕጽፊ ኣግዚፉ ተርኢ ተለስኮፕ ብምስራሕ ኣብ ወርሒ ከም ናይ መሬት ጎቦታት ዝመስል ብምርኣዩ፡ መሬትን ወርሕን ብተመሳሳሊ ነገራት ከም ዝቘማ ሓሰበ። “Dialogues on the Two Chief Systems of the World (1632)” ትብል መጽሓፍ ምስ ጸሓፈ፡ መራሕቲ ካቶሊካዊ ቤተ ክርስትያን ክዓብዱ ደለዩ። ካልኣይቲ መጽሓፍ ምስ ደገመ ግን ክጻወሩዎ ኣይከኣሉን፣ ናይ ገዛ ማሕዩር ክኸውን በየኑሉ። ጋሊልዮ፡ ዘይከም ኮፐርኒከስ፡ ብራህን ኬፕለርን ኣብ ዓዲ ጥልያን’ዩ ዝቕመጥ ዝነበረ።

#### ኣይዛክ ኒውተን (1642-1727)

ኣብ ሰውራ ስነ ፍልጠት እቲ ዝዓበየ ዝና ዘሎዎ ኣይዛክ ኒውተን እዩ። ዕዮታት ኮፐርኒከስ፡ ኬፕለርን ጋሊልዮን ጠርኒፉ ብምርኣይ፡ ንዝነበረ ዘይንጹርነት ክፈትሖ ጸዓረ። “Principia” ንእትብል ምርምራዊት መጽሓፉ ቀድሚ ምሕታሙ፡ ንኣስታት ዕስራ ዓመታት ኣበርቲዑ ጸዓረላ። ቱፋሕ ካብ ገረብ ወዲቓ ርእሱ ምስ ሃረመቶ፡ ብዛዕባ ስሕበት መሬት ሓሳብ ኣለዓዒሉ። ኒውተን ኣቦ ኳልኲላስ’ውን እዩ።

### ግድል

ንብልሒ ተመሃሮ ዝሕግዝ ኣዘናጋዒ ግድላት

#### በላሕቲ እንዲኹም...

እነሆ በሉ ፈተና!

ኣብዚ ቍጽርታት ዘሎ ዝምድና ብምምርማር፡ ነቲ ብምልክት ሕቶ ተወኪሉ ዘሎ ቍጽሪ ርኸቡ፧




### ጥቕሲ እዚ ሰሙን

“ኲሎም ዓበይቲ ሓቅታት ከም ርኽሰት እናተወሰዱ’ዮም ዝጅምሩ።”

- Gorge Bernand Show

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ሚኒስትሪ ሕርሻ

## “ጐሓፍና ጸጋና እዩ”

### ቃለ መሕትት ምስ ክኢላ ልምዓት ብቕልጡፍ ምድላው ባህርያዊ ድኹዕን ወ/ት ኣድያም ረዘነ

ኣዲብ ዓብዱ

* “ጐሓፍና ጸጋና እዩ” ክንብል እንከሎና እንታይ ማለትና'ዩ፧

ብሓጺሩ ኣብ ከባቢና ዝርከቡ ዝጐሓፉ ነገራት ተጠቒምና ድኹዒ ምፍራይ ይከኣል'ዩ ማለት'ዩ። ብፍላይ ኣብ ከተማታት ጐሓፍ ክትረክብ ቀሊል እዩ። እቲ ጐሓፍ ኣቐዲሙ ኣብቲ ዝግብኦ መዓላ ይውዕል ነይሩ ክብሃል ኣይከኣልን። ናብ መዓላ ሕርሻ እንተውዒሉ ግና፡ ኣድማዒ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ከም መፈተኒ ድማ ኣብ ኣስመራ ዘለዉ ጐሓፍ ተጠቒምና ናብ ጸጋና ዘይንቕይረሉ መንገዲ የለን ብምባል ናብ ስራሕ ወፊርና። ጽቡቕ ውጽኢት ከኣ ተረኺብዎ። ከምኡ ስለዝኾነ እዩ ድማ ጐሓፍና ጸጋና ዝተባህለ።



ወ/ት ኣድያም ረዘነ

* ባህርያዊ ድኹዒ ካብ ምንታይ ይስራሕ፧ ኩሉ ዘቤታዊ ጐሓፍከ ባህርያዊ ድኹዒ ክኸውን ይኽእልዶ፧

- ባህርያዊ ድኹዒ ካብ ብዙሕ ነገራት ክስራሕ ይኽእል'ዩ። ብፍላይ ካብ ቀልቀል እንስሳታት፡ ደርሁ ወዘተ. ክኸውን ይኽእል። ካብ ጐሓፍ እውን ከይተረፈ ክስራሕ ይኽእል። ኩሉ ዘቤታዊ ጐሓፍ ግን ባህርያዊ ድኹዒ ክኸውን ኣይክእልን'ዩ። ምኽንያቱ፡ ዘቤታዊ ጐሓፍ ክንብል ከሎና፡ ኣብ ገዛና እንጥቀመሉ ፕላስቲክ፡ ሓጺን፡ ኤለክትሪካዊ ነገራትን ካልኦት ውጽኢት ሕርሻ ዘኹኑ'ውን ስለ ዘጠቓልል። እቶም ክበላልዑ ዘይክእሉ፡ ተመስሪሖም ናብ መሬት ክኣትዉ ዘይክእሉ ንባህርያዊ ድኹዒ ክንጥቀመሎም ኣይንኽእልን ኢና። እቶም ክንጥቀመሎም እንኽእል፡ ዝተጓሕፉ ተረፍ-ጣይታ፡ ተረፍ-ቅጫ፡ ኮመደረ፡ ቅራፍ-ሽጉርቲ፡ ተረፍ ፍሩታታ፡ ናይ ቡን ዳካ፡ ተረፍ-ቀጠፍ ወዘተ እዮም።

* ካብ ዘቤታዊ ጐሓፍ ባህርያዊ ድኹዒ ንምስራሕ እንታይ መስርሕ ክንክተል የድሊ፧

- ቅድሚ ዘቤታዊ ጐሓፍ ናብ ባህርያዊ ድኹዒ ንምቅያር ዝግበር መስርሕ፡ ፈለማ እቲ ጐሓፍ ክመሓደር ኣሎዎ። ናይ ባህርያዊ ጐሓፍ ፍሉይ መቐመጢ ክዳሎ ኣሎዎ። ኣብ ምሕደራ ጐሓፍ እቲ ዝኸበደ፡ ጐሓፍ ምስ ተሓዋወሰ ክትፈላልዮ ኣሸጋሪ ስለዝኾነ እዩ። ኣቐዲሙ ምፍልላይ ጐሓፍ ክህሉ ይግባእ። ባህርያዊ እንብሎ ዘሎና፡ ሰብ ሓንሳእ ነቲ ሽጉርቲ ምስ ቀርደዶ፡ ቅራፉ ናብ እንዳ ጐሓፍ ምስ ኣእተዎ ልክዕ ድሕሪ ቁሩብ ደቓይቕ ቃርማ ወይ ደቀቕቲ ታህዋስያን እዩ ዝጅምር። ክንዲ ዝኾነ፡ ጸኒሕና መጺእና ካብ ማእከል ክንፈልዮ ኣይንኽእል ኢና። ስለዝኾነ፡ ካብ ፈለማ መፍለዪ ክንገብር የድሊ።

* ኣብ ምስራሕ ባህርያዊ ድኹዒ፡ እቲ ዓቐን ጐሓፍ ከመይ ክኸውን የድሊ፧

- ኣብ ምምስራሕ ባህርያዊ ድኹዒ ካብ ዘቤታዊ ጐሓፍ፡ እተፈላለየ ሜላታት ክንጥቀም ንኽእል። ኣብ ገዛ ዝስራሕን ኣብ ሓረስታይ ወሪድና እንሰርሖን በበይኑ መስርሕ እዩ ዘሎዎ። ኩሉ ግዜ ክርሳዕ ዘይብሉ ምጣነ/ ዝንቕ ካርቦን-ናይትሮጅን ዝብሃል ኣሎ። ግቡእ ዝንቕ ናይ ጥሉልን ድሩቕን ነገራት ክህሉ ይግባእ። እዚኣቶም እንተዘይተመዓራርዮም፡ እተፈላለየ መስርሕ እዩ ዝፍጠር። ጥሉል ኣብ ዝበዝሓሉ እዋን ጨና ይብርትዕ፣ ንቑጽ ኣብ ዝበዝሓሉ እዋን ከኣ ይደርቕ'ሞ መስርሕ ምብልላዕ ይዝሕትል። ስለዚ፡ ዝንቕ/ ምጣነ ካርቦን-ናይትሮጅን ክመዓራረ ኣለዎ። ድሩቕ መጀመርታ ተንጸፊ፣ ድሕሪኡ ጥሉል፡ ማይ እናበልና ንኸይድ። እቲ ዝንጸፍ ድሩቕ ዝበዝሐ ይኸውን። እቲ ጥሉል ናይ ገዛእ ርእሱ ማይ ኣሎዎ፣ ብፍላይ ኣብ ዘቤታዊ ጐሓፍ። ዋላ ክንዲ ዝኣከብና ንኣክብ፡ እተን ዘለዋና ትሕዝቶ እየን ዝውስናና። ክንድ'ዚ እዩ ዘድልየና፡ ንኽንድ'ዚ ክንሰርሕ ክንብል እንተኼንና፡ ኣብ ዓይነት ኣቕጽልቲ ይፈላለ እዩ። ንኣብነት፡ ርሺ ክንገብር፡ ቈጽሊ ክንገብር፡ ወረቐት ክንገብርን ትሕዝቶ ናይ ካርቦን ይፈላለ እዩ። ስለዚ፡ ክንዲ'ዚ ዓቐን እዩ ነዚ ዘድልዮ ክንብል ኣይንኽእልን። እቲ መስርሕ እዩ ዝውስኖ። ካልኣይ፡ ማይ ክንገብረሉ ከለና፡ ዘቤታዊ ጐሓፍ ማይ ብብዝሒ ክህልዎ ይኽእል እዩ። ስለዚ፡ ማይ ከይንውስኸሉ ንኽእል ኢና። እቲ ናቱ ዓቐን ብትሕዝቶ ኢና ንውስኖ። ብፍላይ ከኣ እቲ ናይ ካርቦን ንጥረ ነገር።



* ኣብ ባህርያዊ ድኹዒ ክግበር ዘሎዎ ጥንቃቐታት ከመይ ይመስል፧

- ባህርያዊ ድኹዒ ኣብ ምድላው፡ ብዙሕ ጥንቃቐታት ዘድሊ ኣይኰነን። ምኽንያቱ፡ ተፈጥሮ ብባህርይኡ ውሑድ እዩ ጸገማቱ። ኣብ ተፈጥሮ ዘሎ ኩሉ ነገር ባህርያዊ ስለ ዝኾነ። እቲ ጥንቃቐታት ዝብሃል፡ እቲ ባህርያዊ ድኹዒ ቅድሚ ናብ መዓላ ምውዓሉ ወይ ናብ ግራት ምኻዱ፡ መስርሑ ብግቡእ ከም ዝወድአ ምክትታል እዩ።

* ባህርያዊ ድኹዒ ብኸመይ ይዳሎ፧

- ባህርያዊ ድኹዒ ብኽልተ መንገዲ ክቐርብ ይኽእል - ብደረቕን ፈሳስን። ብደረቕ እንተኾይኑ፡ ብዙሓት ዓይነት ክንሰርሕ ንኽእል ኢና። ካብ ዘቤታዊ ጐሓፍ፡ ናይ ከብቲ ቀልቀል፡ ካብ ናይ ጎንደራን ወዘተ ክነዳሉ ንኽእል። ኣብ ናይ ፈሳሲ ድማ ብተመሳሳሊ። ካብ ፈሳሲ ዓሳ፡ ካብ ጻህያይ ባሕሪ፡ ካብ ናይ እንቋቑሖታት፣ ካብ ናይ ፍሩታ ክነዳሉ ይከኣል እዩ። ፈሳሲ እንተኾይኑ፡ ከም ተወሳኺ ነቲ ጉዲሉ ዘሎ ክንምልኣሉ ኢና ንጥቀመሉ። ክልቲኦም ኣብ ኣተገባብራ ይፈላለዩ እዮም። ባህርያዊ ድኹዒ ዘይብላ ተኽሊ፡ ፈሳሲ ድኹዒ ጥራይ ንበይኑ ኣኻሊ ኣይኰነን። ስለዚ፡ ባህርያዊ ድኹዒ ግድን ከድልያ እዩ። እቲ ፈሳሲ ግን ከም ተወሳኺ ኣብ ዕብየት ክሕግዛ ይኽእል እዩ።

* ባህርያውን ቀመማውን ድኹዒ ዘወስዱ ሕርሻዊ ፍርያት ፍልልይ ኣሎዎምዶ፧

- እወ ኣሎዎ። ፈለማ፡ ኣብ ጣዕሚ ይፈላለ እዩ። ባህርያዊ ድኹዒ ዘሎዎ ተኽሊ፡ እቲ ዘድልዮ ዓይነት መኣዛታት ሒዙ እዩ ዝዓቢ። ኣብ ትሕዝቶ'ውን ይፈላለ። ብባህርያዊ እንተ ኣብቍልናዮን ቀመማዊ እንተኣትዩዎን ብቐሊሉ ክትለልዮ ይከኣል እዩ። ብባህርያዊ ድኹዒ ዘዕበናዮ ኮመደረ፡ ካብ ሰሙን ክሳዕ ክልተ ሰሙን ክጸንሕ ይኽእል። ብቀመማዊ ድኹዒ ዘዕበናዮ ኮመደረ ግና ናይ ምብልሻው ተኽእሎኡ ኣዝዩ ቅልጡፍ እዩ። ቀመማዊ ድኹዒ ቀልጢፉ ዕብየት ክህብ ይኽእል እዩ፣ እቲ ተኽሊ ግና ጣዕሙ ኣዝዩ ይጕድል። ቀልጢፉ ናይ ምምሽማሽ ወይ ምብልሻው ተኽእሎ ድማ ኣሎዎ። ስለዚ እቲ ፍልልይ ርኡይ እዩ። ብዓቢኡ ድማ ኣብ ጥዕናና፣ ብባህርያዊ ኣገባብ ዝዓብይ ሕርሻዊ ፍርያት ጥዕና ዝህብ ክኸውን እንከሎ፣ ብኣንጻሩ ብቐመማዊ ኣገባብ ዝፈሪ ናቱ ጥዕናዊ ሳዕቤናት ኣሎዎ።

* ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ ባህርያዊ ድኹዒ ኣተኲሩ ይሰርሕ ኣሎ። ውጽኢቱኸ ከመይ ይግምገም፧


- ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ካብ 2021 ኣትሒዙ ብፍላይ ካብ ዘቤታዊ ጐሓፍ ዝርከብ ባህርያዊ ድኹዒ ንምሕያል እተፈላለዩ ንጥፈታት ከካይድ ጸኒሑን ኣሎን። ኣብ ርእሰ ከተማና ኣስመራ ንኣብነት ብዙሕ ናይ ጐሓፍ ጸጋ ኣሎና። ክንዲ ዝኾነ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ነዚ ብምግንዛብ፡ ምስ እተፈላለያ ትካላት ወይ ዝምልከቶም ኣካላት ተወሃሂዱ ይሰርሕ ኣሎ። ምስ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን፡ ምስ ሃማደኤ፡ ምስ ምምሕዳራት ወዘተ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ካብ ዝሓለፈ ሓሙሽተ ዓመታት ብዛዕባ ባህርያዊ ድኹዒ ክጕስጕስ ጸኒሑን ኣሎን። ብዓቢኡ ኣብ መዓስከር ሳዋ ብምኻድ ኣብኡ ዘሎ ጐሓፍ ኣመሓዲርካ ናብ መዓላ ሕርሻ ንምውዓል ዓቢ ዕዮ ተተግቢሩ እዩ። እዚ ክንብል እንከሎና ግና፡ ኣብ ሕብረተሰብ ዝመጽእ ለውጢ ብሓንሳብ ዘይኰነ ብዘገምታ ምኳኑ ርዱእ እዩ፣ ኣይተለወጠን ግና ኣይንብልን። ምኽንያቱ፡ ኣብ ፈለማ ዝነበረን ሕጂ ተጠርዩ ዘሎ ንቕሓትን ዓቢ እዩ። ኣብዚ እዋን ባዕሎም ጠሊቦም ዝጽውዑሉ ግዜ ኢና በጺሕና። እቲ ክጅምር እንከሎ ኣብ ዞባ ማእከል ጥራይ ተሓጺሩ ዝነበረ ኣብዚ እዋን፡ ናብ ካልኦት ዞባታት ልሒሙ ኣሎ። ኣብ ባጽዕ - ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፣ ኣብ ከረን - ዞባ ዓንሰባ እቲ ስራሕ ይካየድ ኣሎ። እቲ ርድኢት ከኣ እናዓበየ መጺኡ ኣሎ።

* መልእኽቲ ንሓረስቶት

- ሓረስታይ፡ ቀመማዊ ድኹዒ ሃሰያ ከም ዘሎዎ ይፈልጦ እዩ። ኣብ ባይታ ብግብርን ብምልኣትን ምትግባር ግና ግብራዊ ንቕሓት የድሊ። ቀመማዊ ድኹዒ ካብ ዋጋኡ ጀሚርካ ሃሳዩ እዩ። ብዙሕ ገንዘብ ኣጥፊኡ ኣብቲ እቶት ክርእ እንከሎ፡ ከምቲ ዝድለ ኣይኰነን። ቀመማዊ ድኹዒ ምጥቃም ትሕዝቶ መሬት ጸንቂቑ እቶት እናነከየ ክኸይድ ዝገብር ሓደገኛ ልምዲ እዩ። ክንዲ ዝኾነ፡ ሓረስታይ ንቐመማዊ ድኹዒ ብሓንሳእ ክገድፎ ኣይክእልን ይኸውን። ምስ ግዜ ግና፡ እቲ ግንዛበ እናዓበየ ይኸይድ ስለ ዘሎ፡ ምርዓሙ ኣይተርፍን እዩ።

***

## ወግዓዊ ሕርሻን መግብን ብካርቱን



## ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኵሉ!

ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝዳሎ ዓምዲ - ለይ-ኣውት ሶፊያ ፍቓዱ   ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/ 08371501 - ቁ.ሳ.ፖ 1048

ሸባብ

ሃ ማ መ ተ ኤ

**ሕቶ ሸባብ**

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጀምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቀምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሸባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# ምትብባዕ ድዩስ ምሕንቃቕ፧



ደዋሊት፥ ሄሎ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎንዶ ይኸውን፧

ኣማኻሪ፥ መርሓባ ብልክዕ፣ ብሃማመተኤ እናተዳለወ ዝቐርብ ቀጥታዊ ኣገልግሎት ምኽሪ ኣብ መስመር ደዊልኪ ኣለኺ። መን ክብል፧

ደዋሊት፥ ኣዜብ እብሃል። ካብ መንደፈራ'የ ዝድውል ዘለኹ።

ኣማኻሪ፥ ሕራይ ኣዜብ፡ ናብ ኣደዊሉኪ ዘሎ ጉዳይ ክትኣትዊ ትኽእሊ ኢኺ።

ደዋሊት፥ ኳል 40 ዓመትን ኣደ ክልተ ቈልዑን'የ። ናይ መነባብሮ ጸገም የብለይን። እንተኾነ፡ ደቀይ ብግቡእ እናተባባዕኩ ከዕብዮምን ንፉዓት ክኾኑለይን'የ ደልየ።

ኣማኻሪ፥ ጠለባቶም ብኸመይ ይማላኣሎም፧

ደዋሊት፥ ንቈልዑ የድሊ እዩ ዝብሃል፡ ዝኣዘዙዎን ዘይኣዘዙዎን፡ ቃሕ ዝብሎም ነገራት እገዝኣሎም። ምትብባዕ ድዩ፡ ምሕንቃቕ፣ ዘይተረድኣኒ ዘሎ፧

ኣማኻሪ፥ ጻዕርኺ ከመይ ክኾኑልኪ'ዩ፧

ደዋሊት፥ ሕጉሳትን ኣብ ትምህርቶም ከኣ ግዱሳት ክኾኑለይ።

ኣማኻሪ፥ ውጽኢት ተበግሶኺ ብኸመይ ትግምግምዮ፧

ደዋሊት፥ ኣነ ደኣ፡ ማዕረ'ቲ ዝተገብረሎም ምክንኻን ትጽቢተይ ክመልኡ ኣይከኣሉን በሃሊት'የ። ሕጂ ዘደውለኒ ዘሎ ነገር ግና ገለ ዝጋገዮ ከይህሉ ኢለ'የ። ነዛ ዓምዲ ኩሉ እዋን'ኳ ኣይኹን ግዜ ኣብ ዝረኸብኩሉ፡ ካብተን ዘንብበን ዓምዲ ብምኧና ክሕብር እፈቱ። ከምዚ ናተይን ካብዚ ናተይ ከኣ ፍልይ ዝበለን ጸገማት ንዘለወን ስድራቤታት ከተእንግዱ ስለ ዘንበብኩ'የ። ኣብ ክንዲ ኣንባቢት ጥራይ ዝኸውን፡ ንጉዳይ ኣተዓባብያ ደቀይ ገለ ምኽሪ እንተ ረኺብኩ ኢለ'የ ናባኹም ደዊለ ዘለኹ።

ኣማኻሪ፥ ፈለማ ኣባና እምነት ኣሕዲርኪ ጋሻ ናይዛ ዓምዲ ክትኮኒ ምድዋልኪ ኣመስግነኪ። ብምቕጻል፡ ዕድመ ደቕኺ ክንደይ ይበጽሕ፧

ደዋሊት፥ እቲ ዓቢ ወዲ ትሸዓተ ዓመት ክኸውን ከሎ፡ እቲ ንእሽቶ ከኣ ሸውዓተ ዓመት ገይሩ ኣሎ።

ኣማኻሪ፥ ንገለ ካብቲ እትገዝእሎም መተባብዒዶ ክትጠቕስለይ፧

ደዋሊት፥ ንግዜኡ ከሐጉሶም ይኽእል እዩ ዝበልኩዎን ካብ መዛንኦም ዘየትርፍን ዓይነት እየ ዝገዝኣሎም። ንኣብነት፡ ከም ብምስሊ ባምቡላ ዝተሰርሑ ዓበይቲ መጻወቲ እንስሳታት፡ ጊታር፡ ማኪናን ሽጉጥን ይመስሉ።

ኣማኻሪ፥ ኣብ ከመይ እዋናት ኢኺ እትህብዮም፧

ደዋሊት፥ ዝበዝሕ ግዜ፡ ኣብ ዓበይትን ንኣሽቱን ህዝባውያንን ሃገራውያን በዓላት ወይ ካልእ ኣጋጣሚ ኣብ ዝተረኽበሉ እየ ብህያብ ዝህቦም።

ኣማኻሪ፥ እንታይ ግብረ መልሲ ይህቡኺ፧

ደዋሊት፥ ንግዚኡ ምስ መሳትኦም እናተጻወቱን ይሕጉስሉን እዮም። ዝደለኹዎ ሓጉስን ምትብባዕን ክገብረሎም ግዳ ኣይከኣለን።

ኣማኻሪ፥ ንስኺ እንታይ ትብሊ፧

ደዋሊት፥ ኣነ ደኣ ንመጻኢ ዘገልግሎም፡ ነባሪ ጦብላሕታ ዝፈጥርን ክኾነሎም ምመረጽኩ።

ኣማኻሪ፥ ብኸምኡ ምእንቲ ክኾስኩሱልኪ፡ ከምዚ እንተኾነ እትብልዮ እንታይ ኣሎ፧

ደዋሊት፥ ካብቲ ንሕና ዝሓለፍናዮ ተመኩሮ ተበጊሰ፡ ምናልባትዶ ብንኣሽቱ ምትብባዓት ዓበይቲ ነገራት ክሰራሕ ምተኻእለ እብል።

ኣማኻሪ፥ እስከ ብንእሽቶኺ ካብ ዘተባብዑኺ ነገራትዶ ምዘርዘርክለይ፧

ደዋሊት፥ ክላ ናትና ደኣ ምስ ናይ እዚኣቶም መን ኣራኺቡዎ ኢልካዮ። ምናልባት እንተ ተገዚኣልና፡ ኣብ እዋን ኣውደኣመት እዩ። ንሱ ከኣ ዘሐጉስ ክዳን እምበር፡ ዘሐጉስ ህያባት መን ተገዲሱልና ኢልካዮ። ንኣና ዘተባብዓና ዝነበረ ቍሩብ ካብ ኣባሓጎታትናን ካልኦት ዓበይቲ ሰባትን ብእንሰምዖ ዝነበርና ምኽርታትን ዛንታታትን'ዩ እብል።

ኣማኻሪ፥ ከመይ ይሰምዓኪ ነይሩ፧

ደዋሊት፥ ሓድሽ ዝተኸደንናዮ ክዳን ከየውጻእናዮ ንሓድርን ንውዕልን ነይርና። ካልእ ኣብ ምህሮና ክንግደስ ካብ ዘተባብዓና ካብ ልዕሊ'ቲ ናይ ዓበይቲ ዕላል፡ ጻዕዳ ጋውን ዝተኸድነ ሓኪምን ክዳኑ ቀይሩ ናብ ስርሑ ዝወፍር መምህርን የቐንኣና ምንባሩ ከኣ እዝክር።

ኣማኻሪ፥ ምስዚ ናይ ሎሚ ብምውድዳር፡ ኣበየናይ ደረጃ ምተሰርዐ ነይሩ ትብሊ፧

ደዋሊት፥ ደረጃ ሓጉስናን ምትብባዕናን፡ ልዕሊ እዞም ነዕብዮም ዘለና ቈልዑ ምንባሩ እዩ።

ኣማኻሪ፥ ካብዚ ተበጊስኪ ንደቅኺ ዝጐደሎም እንታይ ኮይኑ ይስምዓኪ፧

ደዋሊት፥ ምናልባት ኣብ ኣገባብ ደኣ ተፈላሊና ከይንኸውን ኢለ እሓስብ።

ኣማኻሪ፥ እስከ ኣብርህ ኣብልለይ፧

ደዋሊት፥ ጠለባት ቈልዑ ሎሚ ሰፍሕ ዝበለ እዩ። ካብ መሰታኦም ከይተርፉ እናበልና፡ ዓይነት ከይፈለና ዝደለዩዎ እናገዛእና፡ ኣብ ክንዲ ከምቲ ንደልዮ ዝእዘዙና፡ ኣብ ድላዮም ንኣቱ ከይንህሉ።

ኣማኻሪ፥ ቈልዑ ብባህርያቶም፡ ንዕብየቶምን ምዕባለኦምን ኣብ ግምት ዘእቱ፡ ህያባት ክግዘኣሎም ግድነት እዩ። ይኹን እምበር፡ ምስ ደረጃ ዕድመኦም ብዝሳነ መገዲ ክኸውን ይግብኦ። ነቶም ቈልዑ ጽቡቕ ኮይኑ ዝርኣዮም ግና ነቲ ኩሉ ዝቕበል ውልዶ ኣእምሮኦም ዝብልል ከይከውን ጥንቃቐ የድሊ እዩ።

ኣብ ቈልዑ ተመርኲሱ ዝተገብረ መጽናዕቲ ከም ዘመልክቶ፡ ንዋት መጻወቲኦም፡ ብመንጽር ዕድሚኦም ዝሕብር መግለጺ ከምዚ ዝስዕብ ይመስል፥

ካብ ቈልዓ ሸድሸተ ኣዋርሕ ክሳዕ ሸድሸተ ዓመት

ከም ኩዕሶ፡ ብጭቃ ወይ ካይላ ዝተሰርሑ እተፈላለዩ እንስሳታት፡ ብመልክዕ ባምቡላ ዝተዳለዉ ናውቲ ገዛ፡ መካይን፡ ብሽክለታን መናብርን።

ካብ ደቂ ሸድሸተ ዓመት ክሳዕ ደቂ ዓሰርተ ክልተ ዓመት

ንምህሮ ሓገዝቲ ዝኾኑ ናይ ምንባብ ሓይሎም ዘዕብዩ፥ ናይ ዛንታታት መጽሓፍቲ፡ መሃዝነቶም ዘዕብዩ ንቕብኣ ዘገልግሉ ቀለማትን መለኻኸይታትን ናይ ባምቡላ ሞቶር ብሽክለታ፡ ገዛውቲ፡ መካይን ኮዓሳሱን ዝኣመስሉ።

ኣብ ኩትትና ንዝኣተዉ ህጻናት

ኮዓሳሱ፡ እተፈላለዩ ጸወታታት ተለቪዥን፡ እትጠዋወቕ መለማመድን ናይ ብሓቅን ኮምፕዩተር፡ ብቐሊሉ ኣንቢቦም ክርድኡዎም ዝኽእሉ ሓጸርቲ መጽሔታት፡ ኣእምሮኦም ዝፍትሹ መጻወቲታት ውሽጢ ገዛ፡ ከም ቸዝ ዳማን ሰደቓ ቴንስ ክጻወቱ ዕድል ምጥጣሕ፣ ግዜኦም ኣብ ከንቱ ከየጥፍኡ፡ ኣብ ስራሕ ዝጸምድ ንጥፈታት ከም ዘካይዱ ምክትታልን ይመስሉ።

ካብ ዓይነታት መተባብዒ ንምጥቃስ፥

መተባብዒ ዝበሃሉ ኣብ ክልተ ይምቀሉ። እቲ ፈለማይን ቀንዲን ንውሽጣዊ ድሌታቶም በርቢሩ፡ ንነዊሕ ዝዓለመ ህንጡይነት ከም ዘሕድሩ ዝገብርን ከም ተስፋ ምሃብ፥ ኣጆኻ፡ ንፉዕን ኣገናዕን ካልእ ኣተባባዕቲ ቃላትን ዕላላትን እዮም። እቲ ካልኣይ ከኣ እቲ ምስ ዕድሚኦም ዝኸይድ ብምባል ዝዘርዘርናዮ ኣብ ህያብ ዝተመርኮሰ፡ ዝጭበጡን ኣብ ዕቤት ቈልዑ ጽልዋ ዝገድፉን እዮም። እዚኣቶም ኣብቲ ተኣፋፌ ዕድመ ቈልዑ ዝምእዘንሉ ግዜ ዝርከቡን ምስ መሳትኦም ናተይ ሕጂ፡ ናትካ ጸኒሕና ንጻወተሎም ዝበሃሃሉሎም ዝሓዋውሱ እዮም። እቶም ቀንዲ ጸለውቲ ዝበሃሉ፡ ዘይጭበጡን ብቐሊሉ ከይተበረዙ ኣብ ኣእምሮ ሰፊሮም ውሽጣዊ ሓይሊ ዝፈጥሩሎምን እዮም።

ብተወሳኺ ድማ ቈልዑ ብውህብቶ ጥራይ ዝመጽእ ለውጢ ክኣምኑ የብሎምን። ምኽንያቱ፡ ከምዚ ዓይነት ባህሪ ብደጋዊ ነገራትን ብሓላፊ ኩነታትን ከም ትተባብዕ እዩ ዝግበር። ንኣብነት፡ ኣብ ትምህርቲ ንዝረኸብዎ ዓወት ግዝያዊ እምበር መዛዘሚ ዘይምዃኑ ብምንጋር ክረጋገጽ ዝከኣል እዩ። ንዘውዳእ ህያባት ኣብ ክንዲ ዝህንጠዩ፡ ድርኺት ካብ ውሽጢ ከምዝብገስን ንደገኦም ከምዘዕለቕልቕን መታን ክግበር፥ ኣነቓቓሕቲ ዕላል፡ ዕዉታት ንዘሰርሕዎ ብምንጋር ክጅመር ይከኣል'ዩ። ኣብ ዕሸል ዕድሚኦም ንጌጋኦም ጸብጺቦም ክንዲ ብድኽመታቶም ዘሓሙ፣ ኣበርቲዕካ ብምስራሕ፡ ጽባሕ ኣብ ከሐጉሶም ዝኽእል ሓላፍነት ንኸተኩሩ፡ ሜላ ብዘተሓወሶ ኣነጋግራ ምትግባር ኣኻሊ እዩ።

ዝበዝሐ እዋን እቶም ቈልዑ ባዕላቶም ተበግሶ ክወስዱን ዝምባለታቶም ክለልዩ ምክትታል። ኣብ ክንዲ ናብ ዝደለይዎ፡ ናብ ዘዐውቶም ኣንፈት ከምዝእለዩን ምሕጋዝ። ካልእ ኣብ ምህሮ ነፊያም ዕዉታት ኮይኖም ንኽወጹ፣ዓቃላት ኣንበብቲ፡ ኣተኩሮም ሰማዕትን ክኾኑ ብቐሊሉ ክርድኡዎም ዝኽእሉ ጽሑፋት ምቕራብ። ንቈልዑ ኣብ ርእሲ'ቲ ፈቐዶ መርዓታት ጻዕዳ እናኸደንካ ክሰኣሉ እናተባህሉ ምውሳድ፡ ጸሊም ካባ ተኸዲኖም ገፊፍ እናበሉ ናብ ዝርኣዩ ዕዉታት ተመረቕቲ ምውሳድ። ገዛ ምስ ተመልሱ፡ ኣመጻጽኣ ናይቲ ካባ ክበጽሑዎ ከም ዝኽእሉን እምነት ከም ዘሕድሩን ኣለሳሊስካ ምምካር ከም ዘድሊ ምዝካር።

ንትሕቲ ዕድመ ምኽሪ ኣብ እንህበሉ፡ ከይተሃወኸና ብተገዳስነት ዝምባሌታቶም ብምንባብ ልዕሊ ክጻወርዎ ዝኽእሉ ምኽሪ ዘይምድርዳር። ፈለማ ቈልዓ ብዝመስሎ ሓሳቡ ከፍስስ ንእኡ ከም ዝመርሓካ ምግባር። ኣብ ደረጃኦም ብምውራድ፡ ፈኮስቲ ሕቶታት ብምጥቃም፡ ንዝያዳ መብርሂ ንሕቶታቶም መታን ክትምልስ፡ ግዜ ምሃብ። ምኽሪ ቀስ ኢልካ ዝካየድን ዓቕሊ ዝሓትትን'ዩ። ሓገዝ ኣብ ዝደልዩሉ ከምቲ ንዓበይቲ እንገብሮ ዘይኮነ፡ ምስ ዓቕሞም ብዝሳነ ንእሽቶ ኣበርክቶ ምሃብ። ካብ ምልክነት ውጽእ ኢልና፡ ጥቡቕ ዕርክነት ምምስራት። ብምእዙዝነት ነቲ ቈልዓ ከም ዘለዎ ምቕባል።

ኣርኣያ ብምዃን፡ ኣብ ልዕሊ መኻሪ እምነት ከምዘሕድሩን ተማእዝኖም ምህላውካን ክርድኡ ጻዕሪ ከተካይድ ናይ ግድን ይኸውን። ርህራህ ዝመልኦ ምስ ዝኸውን ከኣ ዝያዳ ናጽነትን ምርጫን ሃልይዎም፡ ንዝረኸብዎ ዕድል ብሓላፍነታዊ መገዲ ክስዕብዎ የተባብዕ። ውሽጣዊ ድርኺት ዝፈጠሮ ሓይልን ጻዕርን ከምዝህልዎም ከኣ ይገብር።

እዚ ዓይነት ዝምድና ምስቲ ውሉድካ ምህላው፥ ኣብ እዋን ምምኽኻር ዝበልካዮ ንክስቁሮ መገዲ ምኽፋት የመልክት። ቅድሚ ናብ ዘድልዮ ዓይነት መጻወቲ ከመርጽ ንዕዳጋ ምውራዱ ብዘብለጭልጩ ነገራት ዓይኑ መታን ከይሰክር፥ ብዝተኻእለ መጠን ኣቀዲምኩም ኣብ ገዛ ወዲእካዮ ምውራድ ተመራጺ'ዩ።

ደዋሊት፥ ንዝተገብረለይ ምኽሪ ንዘደወልክሉ ዕላማ ዝምልስ'ዩ። ንዝተባሃልኩዎን ከይተረዳእኩዎ ዝጸናሕኩን ኣብ ውሽጠይ'ውን ዝርከብ ገለ ነገራት ንኽብርብር ስለ ዝሓገዝካኒ ኣመስግነካ።

ኣማኻሪ፥ ብወገነይ እውን ንኣኺ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንኻልኦት ስድራቤታት ዝትንክፍ ኣርእስቲ ኣልዒልኪ ጋሻ ናይዛ ዓምዲ ብምዃንኪ ኣመስግነኪ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት ሞለስ

### ሽሪዓ ዞባ ማእከል

ከሳሲ. ኣቶ ኢብራሂም ዓብደልወሃብ ነጋሽ ተኸሳሲ. ሱልጣን ዓብደልወሃብ ነጋሽ ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን28/7/26 ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪልካ ቅረብ። እንተዘይ ቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ሐሩያ እድሪስ ዓሊ፡ ኣዴና ሳዕድያ መሓመድ ዓሊ ስለዝዋረሰት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወራሲት ምዃነና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/7/26 ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ሸዊት መንግስትኣብ ገብረመድህን፡ ብዓል ቤተይ የናስ ተኽለ ጎይትኦም ስለዝተሰወኑ፡ ንዓይ ናይ መጽምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ ን2 ደቅና ድማ ወራሲት ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/26 ኣብ 2ይ መጋባእያ ቁ. 49 ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሰስቲ ሮማ ገለ ደባስ ወረ/ፍ ገለ ደባስ ባህታ፡ ተኸሰስቲ ወረ/ፍ ገለ ደባስ 1. ወረ/ፍ ሃብተ ገለ ደባስ 1.1 ዳኒኤል ሃብተ ገለ 1.2 ኤርምያስ ሃብተ ገለ 2. ነ/ፍ ተስፋሚካኤል ገለ 2. ኣሰየስ ተስፋሚካኤል ገለ 3.ሰለሙን ገለ ደባስ 4. ኣበባ ገለ ደባስ 5. ኣስመረት ገለ ደባስ 6. ሙብራት ገለ ደባስ ንተኸሰስቲ ቁ. 1ን2ን5ን ንዓኹም ዝምልከት ናይ ምቅሊት ውርሻ ዝምልከት ጉዳይ ስለዘሎ፡ ን21/7/26 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ከሳሲት መርሃዊት የውሃንስ ተወልደመድህን፡ ተኸሰስቲ 1.ቴድሮስ ታደሰ 2.ሄለን ጣሰው ደምሴ 3.ኣልማዝ ሃይለ 4.ፍረወይኒ ታደሰ፣ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ. ተመስሪቱልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ቤተክርስትያን ባሕሪ ነስሃት ቅዱስ ገብርኤል ድባርዋ፡ ብመንገዲ ኣቦ መንበር ቤትክርስትያን ሊቀ ህሩያን ተስፋይ ሞኮንን ተኽልዝጊ፡ ብዕለት 20/10/2023 ብቑ.መ 47/2023 ኣብ ቤ/ፍ ዞ/ደቡብ ቀሪባ ህያብ ዝሃበትና ኣብ ዞ/ደቡብ ድባርዋ ምም/ ከባቢ. ዞባ 3 ዝርከብ ገዛ ወህብቶ ይጸደቀልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ናዝሬት ጎይትኦም ሰቋር፡ ተኸሳሲ. ኣማን ሃብተየም ገብረእግዚኣብሄር፡ ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን21/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ከሳሲት ወ/ሮ ዘቢብ ከሮስ ሃብቱ፡ ተኸሳሲ. ኣስመላሽ ተስፋሚካኤል፡ ናይ ሓዳር ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ከሳሲት ወ/ሮ ፍዮሪ ንጉሰ መንግስቱ፡ ተኸሳሲ. ተስፋሚካኤል መልከ ተስፋማርያም፡ ናይ ሓዳር ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ሰመረ ማዒል ባህታ፡ ሓፍተይ ማዛር ማዒል ባህታ ስለዝዋረፈት፡ ኣብ ቀዋምን ተቀሳቃስን ንብረት ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወራሲት ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።


ቀንዴል

# ትምህርቲ መካኒክ


ብክልስ ሓሳባትን ብግብርን ብምኩራት መምሃራን
ኣብ ጋራጅ ብግብሪ ምርኣይ ዘለዎ

#ኣካውንቲን ምስ #ምዝርጋሕ መስመር ፒችትሪ
ኤለክትሪክ / ሶላር
#ግራፊክስ
#ጽገና ኤለክትሪካል
#ኮምፒተር
ማሽን


ብርትዓዊ ዋጋ ኣዳልዩ ከም ዘሎ ንወለድን ንተማሃሮን ይሕብር።
ኣድራሻና:- ጎኒ ሲነማ ሮማ ፊት ቶታል
ቁ.ስ. 121571 /07325197



## ናይ ሃብትን ስነ-ልቦናን መጽሓፍቲ




- ሓሳብ
- ሃብቲ
- ልቦና
- ብቕዓት
- ብሉጽነት
- ርግኣት
- ሓጐስ
- ዕብየት



"ሃብቲ: ኣብ ኣተሓሳስባ እዩ!!"

ኣብ ኣውገት ባሕቲ መስከረም፡ ጋለሪ፡ መረብ፡ ሱቲት፡ ኣምባሳደርን ካልኦትን ተዘርጊሐናልኩም ኣለና፤ ዓዲግኩም ኣንብብወን።

ንሓበሬታ፡ ኢንጂ. ሚኪኤል ኣዳም 07265765 ተወከሱ።






## ጥበብ ኣተዓባብያ ደቅና

ንደቅና ብምሉእነት እነዕብየሉ ምዕቡል ሜላታት ዘጠቓለለት ሓዳስ መጽሓፍ

ብ ጴጥሮስ መንግስ 07117607

ኣከፋፋሊ (ኣብ ኤርትራ)
ሞሕረትኣብ (ሰቲት ስተሽነሪ) 07222010


## ምልክታ ጨረታ

ኩባንያ ዕደና ዛራ ንሰራሕተኛታቱ ዝኸውን መግቢ ንሸፉሸተ ወርሒ ዝጸንሕ ብጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለዝደለየ፣ ንግዱሳት ሕጋውያን ነጋዶ ንጨረታ ይዕድም።

ዓይነት ንብረት

- ኣሕምልቲ ቀዳማይ ደረጃ፡
- ሽሮን በርበረን ቀዳማይ ደረጃ፡
- ውጽኢት ጸባ (ፉርማጆ፡ ችዝ፥ ጠስሚ፣ ሪኮታ) ፣ ሞርተደላ፡
- ሃለኽቲ ኣቑሑ (ኣቑሑት ጽሬትን መግብን Grocery Items).
- ስጋ ደርሆ (Chicken Meat)
- እንቋቑሖ (ፍሩይ ደረጅኡ ዝሓለወ) ፍርያት ደርሁ ሆላንድ፡
- እንቋቑሖ (ፍሩይ ደረጅኡ ዝሓለወ) ፍርያት ደርሁ ሃገርና፡
- ስጋ ከብቲ ቀዳማይ ደረጃ፡
- ኣራንሽን በናናን ቀዳማይ ደረጃ፡

ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም ቅጥዒ፡

- ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግድ 2025/2026 ምስ መንነት ወረቐት።
- መረጋገጺ ወረቐት ካብ ዕዳ ነጻን (Clearance) ክፍሊት ግብሪን ናይ 2025 ካብ ክፍሊ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር (Tax Declared for 2025 and Renew for the Year 2026 Cleared ዝብል ምስክር ወረቐት)
- መኽበሪ ጨረታ፡ ንኣሕምልትን ፍረታትን ናቕፋ 150,000.00 (ሚእትን ሓምሳን ሽሕ ናቕፋ) ፥ ንውጺኢት ጸባ፥ ሞርተደላ፣ ሽሮ-በርበር፣ ስጋ ደርሆ፣ እንቋቑሖን ስጋ ከብቲን ንነፍሲ ወከፍ፡ ናቕፋ 50,000.00 (ሓምሳ ሽሕ ናቕፋ)፥ ንሃለኽቲ ኣቑሑ (ኣቑሑት ጽሬትን መግብን Grocery Items)፣ ኣራንሽን በናናን፣ ናቕፋ 100,000.00 (ሚእቲ ሽሕ ናቕፋ) ብ ሲ..ፒ.ኦ (C.P.O) የትሕዙ።
- ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ምስ ወጸ ን10 (ዓሰርተ) መዓልታት ስራሕ ክፉት ኮይኑ፥ ኣብ መበል 11 (ዓሰርተው ሓደ) መዓልቲ ስራሕ፣ ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ቤ/ጽሕፈት ዕደና ዛራ ኣስመራ ይኽፈት።
- ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ምስ ዘይርከቡ፥ ንዘቕረብዎ መወዳደሪ ሰነዳቶም ተራእዩ፣ ምሉእ ሰነድ ምስ ዝኸውን ክወዳደሩ ይኽእሉ።
- መጫረቲ ሰነድ ካብ ቤ/ጽ ዕደና ዛራ C.P.O ብምርኣይ ክውሰድ ይከኣል።
- ተጫረትቲ ቀዳማይ ደረጃ ጠለብ ክቕርቡ ምኻኖም ፈሊጦም ነዚ ኣብ ግምት ዘእተወ ዋጋ ክቕርቡ ይግባእ።
- ትካልና፡ ዝኾነ ዓይነት ኣስቤዛ፣ ንብቕዓቱ ዝምልከት ኣብ ዛራ (Zara Site) ምስ ወረደ ከምዝርእዮን፡ ብቕዓቱ ንዘይሓለወ ኣስቤዛ ድማ ናብ ኣቕራቢ ይመልስ።
- ዕዉት ኣብ 3 ግዜ ቀረብ ብቕዓቱን ጽፈቱን ተራእዩ ውዕል ይገብር።
- ንተወሳኺ ሓበሬታ ብቑጽሪ ስልኪ 185541/185543 ክትውከሱ ትኽእሉ።

ኩባንያ ዕደና ዛራ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ነዚ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኩባንያ ዕደና ዛራ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ከሳሲ. ኣማኑኤል ስለሙን፡ ተኸሳሲ. ተኽለ ኣብራ ተማስገኑ፡ ወኪል ትርሓስ ጉብረኣብ ወልደየውሃንስ፡ ናይ ስም ምትሕላፍ ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን29/7/26 ኣብ 8ይ መጋባእያ ቅረብ፡፡ እንተዘይ ቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ጸጋዬ ተወልደ በይን፡ ኣሞይ ከድጃ በይን ተላ ስለዝዋረፈት፡ ሓዳር ይኹን ውላድ ስለዘይብሉ፡ 4 ደቂ ኣሕዋታ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሰስቲ ወረ/ፍሺር ቀሺ. ፍረዝጊ. ብርሃ ነ/ሄሪት ሂወት ኣድሓኖም 1. ነ/ሄሪት ጉኑት ፍረዝጊ. ተተካኢ. ዓወት ተስፋማርያም 2.ወረ/ፍሺር ሃብተስላሴ ፍረዝጊ. መተከል ሃብተስላሴ +4 ወኪል ወይኒ በርሀ፡ ተኸሰስቲ ነ/ሄሪት ጉኑት ፍረዝጊ. 1.መኣዛ ተኽለማርያም 2.ርዛ ተኽለማርያም 3.ክብሮም ተኽለማርያም 4.ቢንያም ተኽለማርያም 5. ኤልሳ ፍረዝጊ 6.ሳሚኤል ኣዳም፣ ናይ ምቅሊት ውርሲ. ክሲ. ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ኣርሴማ ዳኒኤል ወልደሃዋርያት ምባል ተረፉ ኣድያም ዳኒኤል ወልደሃዋርያት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቀይሕ

ከሳሲት ወ/ሮ ሸዊት ተኽለ ጉብረሃንስ፡ ተኸሳሲ. ኣቶ ቢንያም መሃሪስ ጉብረእግዚኣብሄር፡ ናይ ሓዳር ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይ ቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ፊሊሞን ኣፎርቂ ወልዴት ምባል ተረፉ ፊልሞን ፍጹም ሞጎኝን ተባሂሉ ይተኣረመልይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡


AllianceFrançaise
Asmara - Eritrea

ቤ/ት ኣሊያንስ ፍራንሰዝ ስሩዕ ናይ ክረምቲ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ ንነኣሽቱን ንዓበይትን ካብ ጀመርቲ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ካብ ዕለት 8 ሓምለ ክጅምር ምዃኑ ከተበስር ትፈቱ፡፡ ፍሉይ ዝኾነ ትምህርታዊ ንጥፈታትን ምቅርራብ ንዓለምለኻዊ ዲፕሎማ (DELF) ተዳሊልኩም ኣሎ፡፡ምዝገባ ተጀሚሩ እዩ፡፡

ብደሓን ምጹ ንዝያዳ ሓበሬታ ቁ.ስ 122605 / 115270
ኣድራሻና፣ ጎድኒ ቤ/ት ማይ ተሰፋ ጥቓ ዓሮባና ሬስቶራንት እዩ፡፡


ኣቶ ኢብራሂም ኣማን ነጋሽ፡ ብቁጽሪ ፍቓድ ዋኒን 8977 ቁጽሪ መዝገብ 7845 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ ዝርከብ ናይ መሸጣ ዘገልግሉ ኣቕሑ ትካለይ፡ ንወ/ሮ ኣድያም ብርሃ፡ ኣድራሻ ሃገር ኡጋንዳ ከተማ ሊዋንዳ ካብ ዕለት 01/1/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/26 ኣካርየ ስለዘለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ፡፡

ኢብራሂም ኣማን
ሕጋዊ ወኪል ከድጃ ኣደም

ኑቲ ኣብ ባጽዕ ፕሎት 24 ቂ.ፓርሰል ዞን 3/08 ፓርሰል A ስፍሓት መሬት 475.75ት/ሜ ዓይነት ህንጻ ቪላ ስፍሓት ህንጻ 190.1ት/ሜ መዓል ህንጻ መንበሪ ክበ.ዚፕ ኮድ ኣማተረ ብመለለዪ ቂ.ንብረት 2/000169/1 ብስም ህድኣት ምሳየና ክፍለ ዝተመዝገበ፡ ብወሃብቶ ዝረኸብክዎ፡ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለዝደለኹ፡ እዚ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓሊታ ውሳኔ ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ ሐዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡

መድሀን ምሳየና ክፍለ

ኑቲ ኣብ ኣስመራ ፕሎት 61ቂ.ፓርሰል ዞን ASP00029301 ፓርሰል 137 ስፍሓት መሬት 135 ት/ሜ ዓይነት ህንጻ ተራ ስፍሓት ህንጻ 82 ት/ሜ መዓል ህንጻ መንበሪ ክበ.ዚፕ ኮድ 1A118 ጎደና ዓዲ ሸማግለ ቂ.ገዛ 83 ብመለለዪ ቁጽሪ ንብረት 1:011280/1 ብስም ህድኣት ምሳየና ክፍለ ዝተመዝገበ፡ ብወሃብቶ ዝረኸብክዎ፡ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለዝደለኹ፣ እዚ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸትሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓሊታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሐዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡

መድሀን ምሳየና ክፍለ

ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ቲራቮሎ ፕሎት 15 ፓርሰል E ጎደና ዋርሳይ ቁ. ገዛ 45 ስፍሓቱ 600ት/ሜ ዝኾነ ተራ-ገዛ ዋንኡ፡ ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለዪ ቁ.ንብረት 1:003614/1 ብሽም ላፋቺ ዶሞኒኮ ኣንቶኒዮ ዝተመዝገበ፡ ብመሰረት ብዕለት 29/9/2012 ዝተገብረ ምቅሊት መሰረት ናብ ስሞም ከመሓላልፍ ስለዝኾነ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓሊታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሐዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይ ኣቕሪቡ ግን ኦርጅናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጸም ምዃነይ እሕብር፡፡

ዳኒኤል እስቲፋኖስ


መድረኽ ማእከል ሞያዊ ስልጠና

ንኹሉም ተማሃሮን ሰራሕተኛታትን ኣብ ዘዘጥዕሞም ጊዜን ሰዓትን ኣብዚም ዝስዕቡ ሞያዊ ስልጠናታት ስልጠንኡ ቀጺሉን ንሓደስቲ ስልጠንቲ ምዝገባ ጀሚሩ ከምዘሎን ብሓጎስ ይሕብር፡፡

ኣድራሻና፣ ኣብ ማእከል ከተማ ድሕሪ ካርቱም ሆቴል ጎድኒ Red sea Corporation (09) ፊት ዶር. ማሕሙድ ሕክምና ሲ'ዩ ብተወሳኺ'ውን ብቁ. ቴሌፎናት 07204551/07218432/112244 ክትረኽቡና ትኽእሉ፡፡

ሀ. ዝለውና ሞያዊ ስልጠናታት (Courses)

| | |
|---|---|
| ➢ Computer application | ➢ Computer maintenance, upgrading and troubleshooting |
| ➢ Engineering Graphics<br>• Graphics Level-1<br>• Graphics Level-2 | ➢ Electronics Level-1<br>Electronics Level-2<br>Electronics Level-3 |
| ➢ Video/film shooting & Photography (ምስኣል ብፎረፋን ተንቀሳቓሲ ካሜራት) | ➢ Editing (Pinnacle, Adobe premiere pro ) |
| ➢ Mobile software and hardware maintenance | ➢ Principle of Accounting, Peachtree, Tally and Quick book software' |
| ➢ Solar Installation<br>➢ Electrical line installation<br>➢ Printer and Photocopier maintenance<br>➢ Software maintenance and programming with Python | ➢ Management training<br>• Business management<br>• Office management<br>• Project management<br>• Customers service management<br>• Tour, travel and ticketing management |

ንኹሉም ስልጠንቲ ምትካል ደገፍ ብነጻ ንምህር



ASTER TRAINING CENTER

ዘሐጉስ ብስራት ካብ ኣስቴር ማእከል ስልጠና

ኣስቴር ማእከል ስልጠና፡ ኣብዚ ክረምቲ፡ እተፈላለዩ ሞያዊ ስልጠናታት፡ ብተመጣጣኒ ዋጋን ብብሉጻት መምህራንን ኣዳልዩ ከም ዘሎ ብሓጎስ ነበስረኩም!

ዝወሃቡ ስልጠናታት (COURSES)

**AI (Artificial Intelligence)**
(ነጻ ናይ ኢንተርነት ኣገልግሎት ንተመሃሮ)

**ስነ ሕሳብ (Accounting)**
Principles of Accounting, Peachtree, Quickbooks .. ..

**ምሕደራ (Management)**
Project Management, Event Management .. .. ..

**ግራፊክስ (Graphics and Editing)**
Photoshop, Premier-Pro, InDesign .. .. ..

**ኣኒሜሽን (Animation and 3D Games)**
2D and 3D, 3D Game Development

**ፕሮግራሚንግ/ሶፍትዌር (Programming and Software)**
Desktop and Mobile App Development .. .. ..

**ካሜራ (Camera Shooting & Photography)**
Indoor & Outdoor, Orientations.. .. ..

ኣድራሻና ጥቓ ቲ-ፋኑስ ኢንተርነት ካፈ ዝነበረ፡ ከባቢ ሞኖፖልዮ፡ ጥቓ ማንታይ ውጽኢት ጸባ

ቁ.ተሌፎን 07570048 / 07177473 | ምዝገባ ጀሚርና ኣሎና!!!

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

# VACANCY ANNOUNCEMENT VA/01/2026

The United Nations Development Programme (UNDP) office in Asmara invites qualified applicants (Eritrean) for the following vacant post:

Job Code Title: Health Manager, UN Clinic Physician
Classified Grade: NOC
Duty Station: Asmara

Organizational Context
UNDP Eritrea hosts the UN Clinic in Asmara, providing primary health care, emergency response, occupational health services, medical clearances, and health risk mitigation for UN staff, eligible dependents, UN Volunteers, and mission personnel.

The Health Manager, UN Health Manager is part of the UN common services of the UN country team in Eritrea and administered by UNDP.

The Health Manager will attend to the UN Clinic on a full-time basis and provide medical services to staff members and their dependents. In addition, he/she will facilitate medical evacuations in consultation with the Division of Healthcare Management and Occupational Safety and Health (DHMOSH). The Health Manager is responsible for the day-to-day running of the UN Clinic and he/she manages the UN Clinic staff and physical assets (equipment and inventories), ensures consistent delivery of high-quality medical services to the UNCT. The Health Manager, UN Physician will also be responsible for medical examinations of staff and dependents.

Key Duties and Accountabilities
Under the overall management of the UNDP Resident Representative, and the technical supervision of DHMOSH, the Health Manager, UN Clinic Physician/Health manager, will provide clinical services including medical consultations and emergency care, and supervise the work of the UN Clinic staff. The incumbent will promote proactive occupational health policies and best practices and procedures in the medical services under the supervision of DHMOSH with the objective of optimizing the health and well-being of UN staff in Eritrea.
1. Clinical Duties:
• Respond to acute emergencies in line with international protocols such as advanced trauma life support management and advanced cardiac life support or Pre- Hospital Trauma life support
• Be able to do triage, primary stabilization and keep a critically ill patient alive in a casualty stabilization centre for up to 48 hours.
• Undertake day-to-day clinical duties, e.g. walk-in clinic, pre-placement and periodic medical examinations and immunizations.
• Provide health education.
• Participate in addressing work environment and occupational health issues.
• Undertake medical examinations for UNDP and UN Agencies international and local staff and dependents.
• Diagnose and recommend treatment to all staff visiting the UN Clinic daily.
• Be on call during and outside office hours to observe and treat emergencies in the UN Clinic. Undertake house calls when required.
• Attend to medical emergencies and arrange for hospital appointments and transportation when needed.
• Recommend medical evacuation when required and work with partners to ensure operational support.
2. Medical Administrative Duties:
• Liaise with other clinic in Eritrea and host-nation medical facilities.
• Follow the United Nations established policies and procedures regarding medical clearances, sick leave and medical evacuations.
• Responsible for all paperwork and reporting procedures for medical evacuations in line with UN Rules and procedures.
• Ensure proper follow up on all cases.
• Application of terms of reference in UNDP Personnel/Administration manuals for rules and regulations regarding UN Clinic operations
• Responsible for establishing good relations with reliable hospitals, private medical facilities and blood banks.
• Ensure that proper medical records are kept in a strictly confidential manner.
• Provide evaluation from the clinical point of view of problematic claims for medical insurance.
3. Supervisory Administration:
• Manages day-to-day mission medical support operations by ensuring availability of medical supplies and proper functioning of medical equipment.
• Ensures appropriate training programs are implemented in order to maintain and develop the medical capabilities (e.g. health education, HIV/AIDS program, first aid and CPR).
• Support the process involved in the clinical diagnosis and management of HIV infection including Voluntary Confidential Counselling and Testing, HIV diagnosis, and where applicable prescription of antiretroviral medication and the coordination of referral of UN personnel to Centre of Excellence or other health facilities with expertise in the management of HIV/AIDS.
• The UN Clinic Physician/ Health manager is required to participate in all training and other continuing medical education organized by DHMOSH on HIV/AID management and implementation of HIV PEP program within UN missions and duty stations.
• Manage day-to-day mission medical support operations by ensuring availability of supplies and proper functioning of medical equipment.
• Ensure that appropriate training programs are implemented in order to maintain and develop the medical capabilities (e.g. health education, HIV/AIDS prevention, first aid and CPR, etc).
• Responsible for regular reporting on UN Clinic activities, medical facilities available locally and other statistical information as may be required.
• Responsible for the supervision and distribution of work for the nurse(s) and other staff of the UN Clinic.
4. Advisory, liaison, and representation.
• Oversees workplace health and medical service communication products and liaison/ outreach with external actors.
• Briefs and advises senior management on all healthcare matters relevant to the workplace, including health policies, business continuity, enterprise risk management, and representation at crisis response and related bodies.
• Represents the medical service on health and medical entitlements matters before the UN judicial system and UN investigative bodies.
• Ensures effective occupational health representation at the local occupational health and safety committee.
5. As a member of the coordination team of UN Cares Activities:
• Planning and organization of training of focal points and peer educators.
• Arranging the dissemination of UN policies on HIV/AIDS.
6. Emergency Medical Response:
• Participate in drills and mass casualty exercise organized by the ASMT/UNDSS at the area level.
• Arrange for briefings and information releases to staff at large on health-related issues.
MINIMUM QUALIFICATIONS
Education
To be considered for the position, individuals should meet at least one of the below criteria:
• Advanced university degree (Master's degree or equivalent) in medicine from an accredited university and currently licensed to practice within home country or another national jurisdiction. or
• A first-level university degree (Bachelor's degree) in the above field in combination with an additional two years of qualifying experience will be given due consideration in lieu of the advanced university degree.
• Valid certification in Advanced Trauma Life support, Advanced Cardiac Life Support oR Pre-hospital trauma life support is required.
• Certification in HIV care or VCCT is desirable.
Experience, Knowledge and Skills:
• Minimum 5 years (with Master's degree) or 7 years (with Bachelor's degree) of relevant experience and practice in general medicine in developing countries or countries in conflict, of which at least two years in Trauma and Emergency care.
• Residency and/or internship in one of the medical specialties preferably internal medicine or family medicine is required.
• Two years of experience in the occupational health field is highly desirable.
• Two years of managerial experience in the medical field, including budgeting, supervisory responsibilities and resource management are required.
• Previous UN medical system/international medical experience with priority in international tasks is highly desirable.
• Experience in the usage of computers and office software packages (MS Word, Excel, etc.) is required.
• Excellent command of written and spoken English is required.
• Fluency in the local language of the duty station is required for local staff.
Other
• Qualified female candidates are especially encouraged to apply.
Application Procedure
● Qualified candidates are requested to apply online via this website: https://jobs.undp.org/cj_view_jobs.cfm
● The application must contain a) Cover letter and b) Curriculum Vitae.
● Copy of document indicating exemption from/completion of national service should be uploaded.
● Applicants can visit the UNDP information centre to apply on the job site.
Closing Date: 20 July 2026
UNDP is committed to achieving workforce diversity in terms of gender, nationality and culture. Individuals from minority groups, indigenous groups and persons with disabilities are equally encouraged to apply. All applications will be treated with the strictest confidence.

UNDP does not tolerate sexual exploitation and abuse, any kind of harassment, including sexual harassment, and discrimination. All selected candidates will, therefore, undergo rigorous reference and background checks.

(Only Short-Listed Candidates will be contacted).



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# ምንዳይ ሓቂ

ማማ ጉያይ፡ ከምቲ ኩሉ ግዜ ዝገብርኦ ገዛኦን ዓጽየን መፍትሕ ኣብታ ወትሩ ዘቐምጣላ መስኮት ኣቐሚጠን ናብ ሹቕ ኩዳ። ዝደለይኦ ኣስቤዛ ዓዲገን ድማ ድሕሪ ክልተ ሰዓት ናብ ገዛኦን ተመልሳ። ገዛ ከፊተን ከኣ ናብ ውሽጢ ቤተን ኣተዋ። ኣብ ቤተን ዘይ ከምቀደሙ ገለ ዝተላዕለ ኣቓሑ ተዓዘባ። ናብታ ኣብ ማእከል እቲ ቤት ዝነበረት ጣውላ ጠመታ። ኣብታ ጣውላ ዝገደፋኦ ዓሰርተ ናቕፋ ኣይነበረትን። በዚ ድማ ኣመና ጕሃያ። "ኣየናይ ደፋር እዩ ገዛይ ኣትዩ ዝፍትሸ፧" በላ ብሕርቃን። ብኻሊ ገጸን ከሰል መሲለን ድማ ናብ ደገ ወጽኣ።

ኣብ ኣፍ ደገ ገዝኦን ምስ ቆማ፡ ንኸባቢኦን ብሕማቕ ዓይኒ እናጠመታ፣ "ንዓስከ ኣታ ቈልዓ፡" ኑቲ ኣብ ኣፍ ደገ ገዛኡ ኮፍ ኢሉ ዝነበረ ንእሽቶ ወዲ ብገናሒ ድምጺ ጸውዐያ።



ናሆም ብስንባደ፣ "ንኣይ ዲኽን ማማ ጉያይ፧" ነገሩ ገሪምዎ ህድእ ኢሉ ሓተተን።

"ንኣኻ እምበር ንመን ደኣ፧ ብዘይካኻ መንዶ ኣሎ'ዩ ኣብ ቅድመይ፧" ማማ ጉያይ ተገሪጭየን ተዛረብኦ።

ናሆም፡ ካብቲ ኮፍ ኢሉዎ ዝነበረ ብምትንሳእ፡ ብስንባደ ብቕልጡፍ ኣሳጕማ ናብኦን ገጹ ቀረበ።

ማማ ጉያይ፡ ንናሆም ናብ ውሽጢ ገዛ ሒዘንኦ ኣተዋ።

ማማ ጉያይ፡ ኣብ ማእከል ቤተን ደው ኢለን ከኣ፣ "ኣብዚ ገዛ ዝነበረ ንብረት ተላዒሉ ጸኒሑኒ ኣሎ። ንኣኻ ድማ ኣብዛ ካንሸሎ ገዲፈካ ኣብኣ ድማ ጸኒሕካ፣ ብዘይካኻ ዝወስዶ ሰብ የለን። ስለዚ፡ ብኽብረትካ ኣብዛ ጣውላ ዝነበረት ዓሰርተ ናቕፋ ኣበይ ኣላ፧ ኣምጽኣያ፧" ብሕቶ ኣዋጠርኦ።

ሃንደበት ዝኾኖ ናሆም፡ ንእለት ኣብ ኣዒንቱ ንብዓት ቋጸረ። ኑቲ ብነጸላ ዝተሸፈነ ገጸን እናጠመተ ከኣ፣ "ማማ ጉያይ... ኣነ ናብ ገዛኽን ኣይኣተኹን። ...ዝኾነ ንብረት ድማ ኣየልዓልኩን። ማማ ጉያይ እዚ ትብልኦ ዘለኽን ፈጺሙ ኣይተረዳኣንን፡" ብትሕትና ተዛረበን። ናሆም፡ ንፋዕ ተመሃራይ ሓሙሻይ ክፍሊ፡ ወዲ 11 ዓመት እዩ።

ማማ ጉያይ፣ "ግደፎ'ንዶ መን ደኣ ወሲዱዎ ክብል እዩ፧" ተጸዊገን ብደሃሊ ቃና ሓተታ።

ናሆም፣ "ማማ ጉያይ ኣብዚ ገዛውቲ ኣነ ጥራይ ኣይኮንኩን ዘለኹ። ከመይ ኣቢልክን ንኣይ ተልግባለይ። ኣነ ከምዚ ዓይነት ጠባይ የብለይን..." ብብኽያት ተዓቢሱ ዘረባ ኣበየ።

ማማ ጉያይ፣ "ኪድ እንዶ ግዳ ኣይትንብዓለይ። ሕጂ ከምዚ ዝለመድካ ምስ ዓበኻ እንታይ ክትከውን ኢኻ፧" ብንዕቀት ተዛረባ።

"ማማ ጉያይ! ምስ ዓበኹ ዝኾኖ ባዕለይ እየ ዝፈልጦ። እዚ ዝበልክንኦ ግን ንኣይ ኣይምልከትን'ዩ፡" ናሆም፡ ንብዓቱ እናጸረገ ብዝተኾላተፈ ድምጺ መለሰ።

"ዶ! ሕጂ ኪድ ጥራይ ...ውጽኣለይ በቃ ኪደለይ፡" ኢለን ብኹዳኑ ወጢጠን ከም ገበነኛ ካብ ገዛ ኣውጽእኦ። ምስኪን ናሆም ድማ ብዘይ ገበር ንብዓቱ እናደረዘ፡ ገዛኡ ገዲፉ፡ ካብታ ብዙሓት ተቐማጦ ዘለዉዋ ካንሸሎ ንግዳም ወጽአ።

ካብ ካንሸሎ ገለ ሸውዓተ ስጉምቲ ምስ ረሓቐ፡ ምስቲ ካብኡ ብሰለስተ ዓመት ዝዓቢ ግርማይ ጉረቤቱ ተራኸበ።

ግርማይ፣ "ናሆም ዓርከይ እንታይ ኴንካ ደኣ ትበኪ ኣለኻ፧ ደሓን ዲኻ፧" ኑቲ ብንብዓት ዝጠልቀየ ምዕጉርቲ ናሆም እናተዓዘበ ሓተቶ።

"ማማ ጉያይ ዓሰርተ ናቕፋ ተሰሪቐን፡ ኣነ ድማ ኣብ ካንሸሎ ስለ ዝነበርኩ ንኣይ ኣላጊበናለይ። ኣነ ግን ናይ ዝኾነ ንብረት ኣልዒለ ኣይፈልጥን እየ። ዘይነብረትካ ምልዓል እኮ ሓጥያት እዩ። ዘይገበርኩዎ ስለ ዝኾነ ድማ ኣሕሚሙኒ፡" ናሆም፡ እናተነኽነኸ ተዛረበ።

"ናሆም ዓርከይ ደሓን ብዙሕ ኣይትሕመም። ዘይገበርካዮ እንተ'ኴንካ ጸገም የብሉን። ኣጆኻ ናሆም ዓርከይ፡ " ግርማይ፡ ብየማናይ ኢዱ ጸጕሪ ርእሱ እናፈሓሰ ተዛረበ።

"እንድዒ በጃኻ! ኣነ ከም ዘይገበርኩዎ ብኸመይ ከረድኦን እኽእል፧" ናሆም፡ ገለ መልሲ እንተረኸበ ንግርማይ ተወከሶ።

ግርማይ፣ "ዓርኩ ዘይገበርካዮ እንተ ኼንካ ብዙሕ ኣይትሕመም፡" ከባቢኡ ብዓይኑ እናፈተሸ ተዛረቦ።

"ከመይ ኣይሓምምን፧ ሰብ 'ሰራቒ' ክብለካ'ኳ የሕምም እዩ። ኣነ ድማ ዝኾነ ንብረት ሰሪቐ ኣይፈልጥን እየ።"

ግርማይ፣ "ማሺ እዚ ዓርከይ። ሸለል በሎ። በል ከይደ ገዛ በጺሐ ክመጽእ እየ፡ " ገዲፍዎ ናብታ ብሓባር ዝነብሩላ ካንሸሎ ኣተወ። ንማማ ጉያይ ድማ ኣብ ኣፍ ደገ ገዝኦን ጠጠው ኢሉ ርኣየን። ኣብ ጥቓኦን ምስ ቀረበ ከኣ፡ "ከመይ ውዒልክን ማማ ጉያይ፧" ሰላም ኢሉወን ጉዕዞኡ ቀጸለ።

ይቕጽል...

# ክረምቲ ኣበይ ነሕልፎ፧

ዝኸበርኩም ተመሃሮ እዛ ክትመሃሩዋ ዝሓገኹም ዓመተ-ትምህርቲ ድሮ ተወዲኣ ትምህርቲ ዓጺኹም ኣለኹም። ናይ ክልተ ኣዋርሕ ዕረፍቲ ጀሚርኩም ድማ ትርከቡ። ናይ ክረምቲ ዕረፍቲ ብኸመይ ከም እተሕልፍዎ መደብ ኣውጺእኩም ክትኮኑ ተስፋ እናገበርና፣ ክረምቲ ብኸመይ ከተሕልፍዎ ከም ዘለኩም፡ ሓሳብና ከነካፍለኩም።

## ኣብ ጸወታ

ኣብ ክረምቲ ካብ ትምህርቲ ናጻ ስለ ዝኾንኩም ልብኹም ኣውዲቕኩም ክትጻወቱ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ እትጻወቱሉ ግዜ ኣብ ነሓድሕድኩም ፍቕሪ ከተርእዩ ይግባእ። ተወሳኺ ኣብ ድሕነት ጥንቃቐ ከድልየኩም እዩ። ክትጻወቱ ኢልኩም ናብ ዲጋታት ኣይትኺዱ። እትጻወቱሉ ከባቢ ካብ ሓደጋ ናጻ ምዃኑ ድማ ኩሉ ግዜ



ኣረጋግጹ። ኣብ ጽርግያ ከኣ ፈጺምኩም ኣይትጻወቱ።

## ኣብ ምድላው ትምህርቲ

ንፋዓት ተመሃሮ፡ ትምህርቲ ምስ ተዓጽወ ናይ ዝቕጽል ዓመት የጽንዑ እዮም። ስለ ዝኾነ ድማ ኣብ ዝቕጽል ዓመት ትምህርቲ ይቐሎም። ስለዚ፡ መጽሓፍቲ ረኺብኩም ናይ ዝመጽእ ዓመት እትመሃርዎ ከተጽንዑ ጀምሩ። ኣብ ዕረፍቲ ስለ ዘለኹም፡ ብዙሕ ከይተሸገርኩም ኣንብቡ። ተወሳኺ ካብ ናይ ትምህርቲ ወጻኢ ካልእ መጻሕፍቲ ድማ ኣንብቡ።

## ተወሳኺ ትምህርቲ ምውሳድ

ቋንቋ እንግሊዝ፡ ስእሊ፡ ሙዚቃ፡ ትምህርቲ ኮምፕዩተር . . ምምሃር ንኣእምሮ ተመሃራይ የማዕብል እዩ። ኣብ ክረምቲ ተወሳኺ ትምህርቲ ክትመሃሩ ጽቡቕ እዩ። ምስ ወለድኹም ብምዝርራብ ኣብ ክረምቲ እትመሃሩሉ ባይታ ፈትሹ። ኣብዚ ክዝንጋዕ ዘይብሉ ግን ሰብ ገይሩዎ ኢልካ ምግባር ኣየዐውትን እዩ። እቲ እትወስድዎ ትምህርቲ፡ ኣብ ህይወትኩም ሓጋዚን ምስ ዝንባለኹም ዝኸይድን ምዃኑ ኣረጋግጹ።

## ቦታታት ምብጻሕ

ኣብ ከተማ ዝነብሩ ናብ ገጠራት፡ ኣብ ገጠራት ዝነብሩ ድማ ናብ ከተማ፡ ብምብጻሕ ብዙሕ ትምህርቲ ንኽትቀስሙ ሓጋዚ እዩ። ስለዚ፡ ኣብ ናይ ክረምቲ ዕረፍትኹም ናብ ዝተፈላለየ ቦታታት ብምብጻሕ ኣፍልጦኹም ኣዕብዩ። ዝበጻሕኩሞ ቦታታት ድማ ኣብ መዝገብ ኣስፍሩዎ። ንኣዕሩኽትኹም ድማ ብዛዕባ'ቲ ዝበጻሕኩሞ ቦታታት ኣዕልልዎም።

## ሞያ ምምሃር

ተመሃሮ ንትምህርቶም ዘይጸሉ ሞያታት ምምሃር ኣገዳሲ እዩ። ንኣብነት፡ ፈለኛሞ፡ ፋግሮ፡ መካኒክ፡ ወዘተ። እዞም ሞያታት ዋላ ኣይትሰርሑሎም እንተፈሊጥኩሞም ኣብ መጻኢ ህይወትኩም ኣገደስቲ እዮም። ዝኾነ ሞያ ብዘይ ትምህርቲ ትርጉም የብሉን። ኣብዚ ግዜ እዚ ዘለዉ ሞያታት ምስ ሳይንስ ምትእስሳር ስለ ዘለዎም ኣብ ትምህርትኽኩም ኣዚኹም ግዱሳት ክትኮኑ ኣለኩም። ስለዚ፡ ኣብ ናይ ክረምቲ ትምህርቲ ሞያ ምምሃር ተመራጺ እዩ። እዞም ሞያታት ጥንቃቐ ስለ ዝደልዩ ጥንቁቓት ክትኮኑ ድማ ይግባእ።

## ሰናይ ተግባር ምግባር

ኣብ ከባቢኹም ሓገዝ ዝደልዩ ሰባት ኣለዉ። ነዞም ኣብ ከባቢኹም ዘለዉ ጽጉማት ማይ ምውራድ፡ ምጽራይ፡ እንዳ ጠሓኒት ምኻድ፡ ብምልኣኽ ሓገዝኩም ኣበርክቱ። እዚ ዓይነት ሓገዝ ሰባት ኣብ ልዕለኹም እምነት ከምዘጥርዩ ስለ ዝገብር ዓቕምኹም ሓግዙ። ከምዚ ዓይነት ተግባር ዝፍጽም ሰብ ኣዝዩ ተፈታዊ ምዃኑ ዘክሩ።

## ኣብ ናይ ስድራ ስራሕ ምሕጋዝ

ናይ ስድራ ቤትኩም ድኳን ወይ ካልእ ዓይነት ስራሕ ክህሉ ይኽእል እዩ። ኣብ ግዜ ክረምቲ ንስድራኹም ኣብ ስራሖም ክትሕግዙ ሰናይ ተግባር እዩ። ንስድራኹም ኣብ እትሕግዙሉ ግዜ ድማ ኣዚኹም ጥንቁቓት ክትኮኑ ይግባእ። ብዘይ ፍቓድ ወለድኹም ሳንቲም'ውን ትኹን ከተልዕሉ ኣይግባእን።

ሰናይ ክረምቲ ንኹልኻትኩም ተመሃሮ!


# ደቂ ኣንስትዮ

ሃማደኤ

## መከላኸሊ መንሸሮ ክሳድ ማህጸንን ኣድማዕነቱን

ሕማም መንሸሮ፡ ዓይነቱ ብዙሕ'ዩ። ልዕሊ 200 ዝተፈላለየ ዓይነት መንሸሮ ከም ዘሎ፡ ክኢላታት ናይቲ ዓውዲ ይገልጹ። ሓደ ካብዚ፡ ንደቂ ኣንስትዮ ዘጥቅዕ መንሸሮ ክሳድ ማህጸን እዩ። እዚ ሕማም'ዚ፡ ቅድሚ ገለ እዋን፡ ብደረጃ ዓለም ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ቀዳማይ ቀታሊ'ዩ ነይሩ። ኣብዚ ሰዓት'ዚ ግን፡ ክታብትን መድሃኒትን ስለ ዝተማህዘሉ፡ ምስኡ ከኣ ብዛዕባ'ቲ ሕማም ንቕሓትን ግንዛበን ስለ ዝበረኸ፡ ናይ ምቕታል ዓቕሙ ካብ 1ይ ናብ 4ይ ደረጃ ኣንቆልቁሉ ምህላዉ ይግለጽ። እዚ ይኹን'ምበር፡ እዚ ሕማም'ዚ ሕጂ'ውን ገና ብደረጃ ዓለም ዓመታዊ ኣስታት 300 ሽሕ ደቂ ኣንስትዮ ይቐትል ከም ዘሎ'የም መጽናዕታውያን ጸብጻባት ዘመልክቱ። እቲ ዝበዝሕ፡ ማለት እቲ ኣስታት 90 ሚእታዊት መጠን ሞት ድማ፡ ኣብ ትሑትን ማእከላይን ቁጠባዊ እቶት ዘለወን ሃገራት'ዩ ዚጋጥም ዘሎ - ብመሰረት እቶም ጸብጻባት።

መንሸሮ ክሳድ ማህጸን፡ ቀንዲ መበገሲኡ፡ 'ሂዩማን ፓፒሎማቫይረስ' (HPV) ዝብል ናይ ሓባር መጸውዒ ዘለዎም ጉጅለ ቫይረሳት እዩ። እዞም ቫይረሳት እዚኣቶም ዓይነቶም ልዕሊ 100 ዝበጽሕ ኮይኑ፡




መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ እዋን ጾታዊ ርክብ ብዘጋጥም ብርቱዕ ምትንኻፍ ናይ ቆርበት፡ ካብቲ ሓደ ሰብ ናብቲ ካልእ ሰብ ክመሓላለፉ ይኽእሉ። መብዛሕትኡ ብኣኣም ዝመጽእ መልከፍቲ'ውን ካብ 18 ኣዋርሕ ክሳብ 2 ዓመት ይጸንሕ። እቲ መልከፍቲ፡ ኣብ መጀመርታ ዝኾነ ምልክት ኣየርእን'ዩ። ገለ ገለ ካብኦም ግን፡ ኣብ ቆርበትና ጡብ-ኣድጊ ዝመስል ምልክት የርእዩ። ካብ ጠቕላላ ዜጋታት ናይዛ ዓለም፡ እቶም ከባቢ 80%፡ ክሳብ ደቂ 25 ዓመት ዝኾኑ በዞም ቫይርሳት ክልከፉ ይኽእሉ። እቲ ዘገርም ግን፡ መብዛሕትኦም በዞም ቫይረሳት ዝልከፉ ሰባት፡ ምልካፎም ከይተረድኦምን ናብ ሕክምና ከይከዱን ክሓውዩ ይኽእሉ። ይኹን'ምበር፡ እቲ ቫይረስ ኣዝዩ ምስ ዝበርትዕ፡ ኣብ ኣካላትና ዘይንቡር ምብዛሕ ናይ ዋህዮታት ብምስዓብ፡ ናብ መንሸሮ ከም ዝምዕበል ክገብር ይኽእል።

ሊቃውንቲ ናይዚ ዓውዲ፡ ኑቶም መንሸሮ ናይ ክሳድ ማህጸን፡ መሃንቱስ፡ ፍረ ኑብሲ፡ ክሳድን ርእስን ከስዕቡ ዝኽእሉ ውሱናት ቫይረሳት ዝከላኸል ክታብታት ካብ ዝምህዙ ድሮ ሓያለ ዓመታት ሓሊፉ ኣሎ። ሓደ ካብ'ዞም ኣብ ኣገልግሎት ውዒሎም ዘለዉ ክታብታት፡ 'ጋርዳሲል-9' (Gardasil-9) ዝተባህለ ኮይኑ፡ እቲ ብደረጃ ዓለም ብሰፊሑ ዝዝውተር ዘሎ እዩ። እዚ ክታብት'ዚ፡ ንትሽዓተ ዓይነታት ቫይረስ HPV ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ኣለዎ። ዛጊት ድማ፡ ብደረጃ ዓለም ኤርትራ ሃገርና እትርከበን 164 ሃገራት ነዚ ክታብት ኣተኣታትየን ይጥቀማሉ ኣለዋ። ክሳብ ሕጂ ዝተኻየዱ መጽናዕትታት ከም ዘረጋገጽዎ፡ ነዚ ክታብት'ዚ ብውሑዱ ን10 ዓመታት ዝኣክል ብቫይረሳት ኤች.ፒ.ቪ. ንዝስዕብ ሕማማት መንሸሮ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ኣለዎ። ንሓደጋ መልከፍቲ መንሸሮ ክሳድ ማህጸን ከኣ ብውሑዱ ብ90% ናይ ምጉዳል ብቕዓት ኣለዎ። ብመሰረት እቶም መጽናዕትታት፡ ካብ 12 ክሳብ 13 ዓመት ዝዕድመአን ደቂ ኣንስትዮ ቈልዑ ክታብት ጸረ ኤች.ፒ.ቪ. እንተ ወሰዳ፡ ቅድሚ 30 ዓመት ዕድመአን ብመንሸሮ ማህጸን ናይ ሙማት ተኽእሎአን ኣስታት ባዶ ሚእታዊት እዩ።

እቲ ክታብት ብዝበለጸ ክሰርሕ ዝኽእል ግን፡ እተን ደቂ ኣንስትዮ ጾታዊ ርክብ ቅድሚ ምጅማረን ምስ ዝወሃበን እዩ። ምኽንያቱ፡ እቲ ክታብት ብኤች.ፒ.ቪ. ንኸይልከፋ ደኣሉ ዝከላኸለለን'ምበር፡ እቲ ቫይረስ ሓንሳብ ናብ ኣካላተን ምስ ኣተወ ከጥፍኦ ዓቕሚ የብሉን። በዚ መሰረት፡ መብዛሕትአን ሃገራት፡ ነዚ ክታብት'ዚ ርዒመንኦ ዘለዋ ሃገራት፡ ካብ 9 ክሳብ 14 ዓመት ንዝዕድመኦም ዜጋታተን (ብፍላይ ከኣ ንደቂ ኣንስትዮአን) እየን ዝኽትባሉ ዘለዋ - ብመሰረት ውድብ ጥዕና ዓለም። ሚኒስትሪ ጥዕና ኤርትራ'ውን፡ ኣብ ክሊ'ዚ ዝተጠቕሰ ዕድመ ንዝርከባ ኩለን ደቂ ኣንስትዮ ናይዛ ሃገር ክታብት መከላኸሊ ኤች.ፒ.ቪ. ንምሃብ፡ ንፈለማ ግዜ ብ21 ሕዳር 2022 ሃገራዊ ወፍሪ ከም ዘበገሰ ኣይርሳዕን። ውድብ ጥዕና ዓለም ኣቐዲሙ ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ፡ ዓለማዊ ሽፈነ ክታብት ኤች.ፒ.ቪ. ክሳብ 2030 ኣብ ዘሎ ግዜ 90% ከም ዝበጽሕ ብምግባር፡ ኣብዚ ዝቕጽል 100 ዓመት ኑቲ ሕማም ምሉእ ብምሉእ ንምውጋድ ዓሊሙ ይሰርሕ ምህላዉ ሓቢሩ ነይሩ።

ብቫይረሳት ኤች.ፒ.ቪ. ዝስዕብ መንሸሮ ክሳድ ማህጸን፡ ብብዝሒ ኣብ ሃገራት ትሕተ ሳህራ ኣፍሪቃ እዩ ዝርአ። ብደረጃ ዓለም ክርአ እንከሎ፡ ኣብ ሃገራት ትሕተ ሳህራ ኣፍሪቃ 24%፡ ኣብ ሃገራት ላቲን ኣመሪካን ካሪብያንን 16%፡ ኣብ ምብራቕ ኤውሮጳ 14%፡ ከምኡ ድማ ኣብ ደቡባዊ ምብራቕ ኤስያ 14% ይርአ - ብመሰረት ጸብጻብ ውድብ ጥዕና ዓለም።

## መንሸሮ ክሳድ ማህጸን ንምክልኻል ዝሕግዝ ካልእ ሜላታትከ ኣሎ ዶ፧

ዶክተር ትብለጽ ተስፋሚካኤል፡ ኣብ ሆስፒታል ኦሮታ - ማእከል መወከሲ መወልዳን ላዕለወይቲ ክኢላ (ስፔሻሊስት) ማህጸንን ጥንስን ሕርስን፡ ንመንሸሮ ክሳድ ማህጸን ኣመልኪታ ቅድሚ ገለ እዋን ምስ መጽሔት 'ኣግእዞ' ዕላል ኣካይዳ ነይራ። ዶክተር፡ መንሸሮ ክሳድ ማህጸን ንምክልኻል ዝሕግዙ ሜላታት ቅድሚ ምጥቃሳ፡ ኣብ ርእሲ ኤች.ፒ.ቪ. ቫይረሳት፡ ኑቲ ሕማም ዘቃልዑ ካልኦት ረቛሒታት (risk factors) እያ ዘርዚራ። ንሳቶም ድማ እዞም ዝስዕቡ እዮም፦

1. **ብብዝሒ ቈልዑ ምውላድ፦** ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ብብዝሒ ቈልዑ ክትወልድ እንከላ፡ ክሳድ ማህጸና ናይ ምልሕጻጽን ምቕዳድን ሓደጋ ከጋጥሞ ይኽእል። በዚ ከኣ ክንድርን ኣብ መውዳእታ ናብ መንሸሮ ክምዕበልን ተኽእሎ ይህሉዎ።

2. **ፍኑው ጾታዊ ርክብ፦** ከም ጀግል፡ ፍንጣጣ፡ ክላሚድያ፡ ከምኡ'ውን ኤች.ኣይ.ቪ. ዝኣመሰሉ ሕማማት ብፍኑው ጾታዊ ርክብ ዝመጽኡ ኮይኖም፡ ንክሳድ ማህጸን የጥቅዑ። እቲ ብሰንኮም ኣብ ክሳድ ማህጸን ዝስዕብ ነድሪ ከኣ፡ ናብ መንሸሮ ዘምርሕ ለውጢ ናይ ዋህዮታት ከኸትል ይኽእል።

3. **መርዓ ትሕቲ ዕድመ፦** ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ዓቕሚ ሂዋን ከይበጽሐት ምስ እትምርዖ፡ መስርዕ ዋህዮታታ ቀልጢፉ ስለ ዝመዛበል፡ ናብ መንሸሮ ክሳድ ማህጸን ዘምርሕ ለውጢ ክገብር ይኽእል።

4. **ትሑት ደረጃ ንቕሓት፦** ብዛዕባ'ቲ ሕማም ኣፍልጦ ዘይምህላው፡ ኣብ ትካላት ጥዕና ዘይምሕራስ፡ ኑቲ ኣብ ክሳድ ማህጸን ክፍጠር ዝኽእል ማህሰይቲ ብኣጋኡ ዘይምትዕርራይ፡ ከምኡ'ውን ሰኣን ኣፍልጦ መከላኸሊ ጥንሲ ዘይምጥቃም ወይ ኣረሓሒቕካ ዘይምውላድ፡ ንሓደጋ መንሸሮ ክሳድ ማህጸን ከቃልዕ ይኽእል።

5. ምስ ዘይተሸንሸቡ ደቂ ተባዕትዮ ጾታዊ ርክብ ምግባር'ውን፡ ንመንሸሮ ማህጸን ናይ ምቅላዕ ሓደጋ ኣለዎ።



እቶም ካብ ክታብት ጸረ ቫይረሳት ኤች.ፒ.ቪ. ወጻኢ ዝኾኑ ካልኦት ሜላታት መከላኸሊ መንሸሮ ክሳድ ማህጸን ከኣ፦

1. ቀቀልጢፍካ ዘይምውላድ፣
2. ፍኑው ጾታዊ ርክብ ዘይምኽያድ (ኣብ ቃል ኪዳንካ ምጽናዕ)፣
3. ኣብ ክሳድ ማህጸን ዝኾነ ረኽሲ ክርአ እንከሎ ቀልጢፍካ ናብ ሕክምና ምኻድን ምሕካምን፣
4. መርዓ ትሕቲ ዕድመ ምውጋድ፣
5. ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ብዛዕባ ሕማም መንሸሮ ክሳድ ማህጸን ኩብ ምባል፣
6. ብዛዕባ መከላኸሊ ጥንሲ ኣፍልጦ ምዕባይ፣
7. ክሸቦ ደቂ ተባዕትዮ ምትግባዕ፣
8. ናብ ሕክምና እናተመላለስካ ስሩዕ መርመራ ምግባር፣ ወዘተ።

## ህይወት ስለ ዝሃብካኒ፡ የቐንየለይ!



ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሰኑ ኣብ ከተማ ሰድኒ - ኣውስትራልያ፡ ንማዕከናት ዜና ኣቓልቦኣን ዝሰሓበ ሓደ ፍሉይ ፍጻመ ኣጋጢሙ። ንሱ ድማ፡ "እዚ ኣጋጢሙኪ ዘሎ መንሸሮ፡ በዚ ሕጂ ዘሎ ደረጃ ሕክምና ፍጹም ክፍወስ ኣይክእልን እዩ" ተባሂላ ናይ ሞት ፍርዲ ተዋሂብዋ ዝነበረት ኣመሪካዊት፡ ድሕሪ 44 ዓመታት ናብ ኣውስትራልያ ተጓዒዛ ምስቲ ሽዑ ሓድሽ ብልሓት ሕክምና ተጠቒሙ ዝፈወሳ ዶክተር ተራኺባ። እታ ብረንዳ ፋራሕ ኮልመን ዝተባህለት ሰበይቲ፡ ብ1982 ኣብ 22 ዓመት ዕድመኣ እያ ክምሕር ብዘይክእል መንሸሮ ማህደረ እንቋቑሖ (ovarian cancer) ተጠቒዓ። ሓኪይም ኣመሪካ ንምሕካማ ኩሉ ዝከኣሎም ፈቲኖም ምስ ረብረቡ ከኣ፡ ግዜያዊ መፀገሲ ቃንዛ ጥራሕ ናብ እትረኽበሉ ፍሉይ ክፍሊ ኣሕለፉዋ። ኣብኡ ኮይና ዕለተ ሞታ ክትቀላጠፈላ ናብ ፈጣሪኣ ኣምሪራ እናለመነት እንከላ ግን፡ እቶም ብስቅያታ ድቃስ ዝሰኣኑ ሓኪይም፡ ናብቲ ሽዑ ብደረጃ ዓለም ብዙሕ ዘይተለምደ ናይ መጥባሕትን ኬሞትራፒን ቴክኒካት ተጠቒሙ መንሸሮ ክፍውስ ዝፍትን ዝነበረ ኣውስትራልያዊ ክኢላ ፍወሳ መንሸሮ ማህጸን ፕሮፌሰር ነቪለ ሃከር ኣሲጋገሩዋ።

ንሱ ከኣ በቲ ዝፈታትኖ ዝነበረ ሓድሽ ብልሓት ፍወሳ ኣቢሉ ካብ ኣፍ ሞት ኣትሪፉ ሓድሽ ህይወት ዘርኣያ። ካብቲ ሕማም ምሉእ ብምሉእ ሓውያ፡ ሕጂ ጓል 66 ዓመት ሰበይቲ ኮይና ኣላ። እቲ ኣብ ዝሓለፈ ሰነ ናብ ሰድኒ ዝገበረቶ ጉዕዞ ከኣ፡ ኑቲ ፕሮፌሰር ንምምስጋንን ኩብሪ ንምሃብን እዩ ነይሩ። "ንስኻ፡ ብህይወት ንኽነብር ካልኣይ ዕድል ዝሃብካኒ መልኣኽ ስለ ዝኾንካ፡ የቐንየለይ!" እናበለት፡ ብምስሉ ዝተዳለወ ቅርጺ ከም ገጸ በረኸት ክትህቦ እንከላ ኣብ ገጽ ክልተኦም ዝነበረ ስምዒታት ንምግላጹ ከቢድ እዩ።

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ዙር ፈረንሳ - ቢንያም ሳልሳይ ኣትዩ



ተቐዳዳማይ ኤንኣስኤን - ቢንያም ግርማይ፡ ትማሊ ኣብ ዝተኻየደት ሻውዐይቲ መድረኽ ዙር ፈረንሳ፡ ሳልሳይ ደረጃ ሒዙ።

ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ዙር ፈረንሳ እታ ምሉእ ብምሉእ ጐልጐል ዝዀነት (ዝጸፍሐት) መድረኽ ዝኾነት ሻውዐይቲ መድረኽ፡ 175.1 ኪሎሜተር ዝሸፈነት እያ ነይራ። ብናይ ሓጺር ቅጽበታዊ ውድድር (Punch Sprint) ክትዛዘም ድማ ልዑል ግምት ነይሩ። ብፍላይ እታ ኣብዛ መድረኽ እዚኣ ውድድር እተዛዘመላ ከተማ ቦርዶ፡ ኣዝያ ጐልጐል ብምዃና ዝበዝሐ ግዜ (81 ግዜ) ብቕኣ ዝዛዘመላ እያ።

እቲ ኣብ ሓሙሻይቲ መድረኽ ጸወታ ምስ ፈለመ ብኢጋኡ ዝሃደመ ተቐዳዳማይ ኡኖኤክስ ሞበሊቲ - ጥናቲስተ ሽስትሮፈር፡ ትማሊ'ውን ንተቐዳዳማይ ካራ ሩራል - ጃኪብ ኦትሩባ ሒዙ ካብ ፈለማ ሃዲሙ። ጥናቲስተ፡ ኣብ መበል 120 ኪሎሜተር ኣብ ዝበረት ናይ መንጎ ቅጽበታዊ ውድድር ድማ ብቕኣ ረቲዑ 25 ነጥቢ ወሲዱ። ጃኪብ፡ 20 ነጥቢ ረኺቡ።

ዓባይ ጉጅለ ድሕሪ ኣብ ዝበረቶ ቕኣ ድማ፡ ተቐዳዳማይ ሊድል ትረክ - ማድስ ፐደርሰን ተዓዊቱላ፣ 16 ነጥቢ ከሲቡ። ቢንያም 14፣ ማክስ ካንተር 12፣ ያስፐር ፍሊፕሰን 10 ነጥቢ ረኺቦም።

እዛ ጉጅለ፡ ውድድር 18 ኪሎሜተር ምስ ተረፎ ንዝሃደሙ ተቐዳደምቲ ኣርኪባቶም። ወላኳ ኣብ ዝተረፈ ጐልጐል ካልእ መጥቃዕትታት ብኻልኦት ተቐዳደምቲ እንተተፈተነ ኣይሰለጠን።

ድሕሪ ብዙሕ ንቕኣ ዝጥዕም ቦታ ናይ ምሓዝ ማሳርሕ ተኣኪቦም ኣብ ዝበኹዎ ሓያል ሸኣ ድማ፡ ተቐዳዳማይ ሶዳል ኩዊክ ስቴፕ - ቲም መርሊር ቀዳማይ ኣትዩ። መበል 20 ፕሮፈሽናል ናይ መድረኽ ዓወቱ ዝሃደን ዘሎ ቢንያም ከኣ፡ ንኣልፋ ኣና ኤክስ ሞበሊቲ - ሶረን ዎረንስኮል ተኸቲሉ ሳልሳይ ኣትዩ።

ማክስ ካንተር - ኣስታና፡ ያስፐር ፍሊፕሰን - ኣልፐሲን ፒል ብዩሰ - ባሕሬን ቪክቶሪያ ክሳብ ሻዱሻይ ኣትዮም። እዞም ተቐዳደምቲ ብ3 ሰዓት፡ 44 ደቒቕን 20 ካልኢትን እዮም ውድድሮም ዛዚሞም።

በዚ ውጽኢት፡ ኣብ ኩለን ማልያታት ዝመጸ ለውጢ የለን። ንቦሚን ናይ ዓቕብን ታደይ ፖጋቻ ሒዘወን ኣሎ። ኣብ ክልተአን የናስ ቪንገጋርድ ይስዕቦ። ኣብ ናይ መንእሰያት ከኣ፡ ደል ቶሮ ዓቂብዋ ኣሎ።

ትማሊ ታሸዓይ ዝኣተወ ፐደርሰን፡ ንቀጠልያ ማልያ ብ204 ነጥቢ ሒዝዋ ኣሎ። ቢንያም፡ ብ145 ነጥቢ ካብ ሳልሳይ ናብ ካልኣይ ደይቡ ኣሎ። ካንተር፡ ብ140 ሳልሳይ ይርከብ።

እዚ ውድድር፡ ሎሚ ቀዳም ዝም ናይ ቅጽበታዊ ውድድር ተቐዳደምቲ ብእትጥዕም ሻሙናይቲ መድረኽ ክቕጽል እዩ። መርሊር፡ ክዕውተላ ድማ ብቀዳምነት ተሓርዩ ኣሎ። ፍሊፕሰን ኮነ፡ ቢንያም፡ ኣርማን ዎረንስኮልደን ባዩሰን ድማ ድሕሪኡ ተገሚቶም ኣለው።

## ምም/ዞ/ማእከል ንንኡሳን ዞባታት ኣተባቢዑ

ምምሕዳር ዞባ ማእከል ምስ ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ማእከል ብምትሕብባር፡ ንንኡሳን ዞባታት ሰረጀቃ፡ በርኽ፡ ጋላ ነፍሒን ኣኽርያን ነፍሲ ወከፈን ኣኣርባዕተ 16 ብሽክሌታ ዳኮርሶን ምሉእ መቀያየሪ ኣቕሑትን ብምሃብ ኣተባቢዑ።

ኣብቲ ኣብ ቤት ጽሕፈት ፈደረሽን ብሽክሌታ ዞባ ማእከል ዝተኻየደ ስነስርዓት፡ ሓላፊ ምክትታል ፈደረሽናትን ንኡሳን ዞባታትን ኣቶ ሰዓረ የማነ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እዚ ምትብባዕ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ካብ ነዊሕ ይሓስቦ ከምዝነበረ፡ ከም መቐጸልታ ናይ ዝሓለፈ ዓመታት ድማ ሎሚ ከም ማበሲ ዝኾነን ይወሃበን ከምዝነበረ ሓቢሩ።

ኣመሓዳሪ ን/ዞ/ ሰረጀቃ ኣቶ ክፍለማርያም ገብረመስቀል ብወገኑ፡ ብኣትሌታትሰን ከዕቶ እግርን ጥራይ ዝጠፍኡ ዝነበሩ፡ ብዝተገበረሎም ሓገዝ ንውድድር ብሽክሌታ እውን ክስርሑሉ ምዃኖም ገሊጹ።

ምምሕዳር ዞባ ማእከል፡ ቅድሚ ሕጂ ደቂ ኣንስትዮ ንምትብባዕ ከምዚ ዓይነት ሓገዝ ኣብ ዝተፈላለየ ግዜ ንንኡሳን ምምሕዳራት ሓገዝ ገይሩ ምንባሩ፡ ህዝባዊ ርክባት ሓቢሩ።



## ሊግ ዞባ ማእከል ሰንበት ክዛዘም እዩ

### "ንደንደን ስዒርና ኢና ዋንጫ ክንወስድ እንደሊ" ኣሰልጣኒ ቀይሕባሕሪ

ሊግ ከዕዖ እግሪ ዞባ ማእከል 2025-26፡ ጽባሕ ሰንበት ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ክዛዘም እዩ።

ኣብቲ ዕለት፡ ሰዓት 11 ቅድሚ ቀትሪ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ጋንታታት ደንደንን ኢንሹራንስን ክጻወታ እየን። ሰዒበን ከኣ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ጋንታታት ኣዱሊስን ኣስመራ በራን ከምኡ'ውን ቀይሕ ባሕሪን ደንደንን ክፋለማ እየን።

ኣብቲ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ጸወታ፡ ደንደን ሻምፕዮን ምዃና ስለ ዘፍለጠት፡ ንክብረን እየን ክጻወታ።

ሰዓት 1:00 ድ.ቀ ካብ ዝጻወታ ኣዱሊስን ኣስመራ በራን፡ ኣዱሊስ፡ ነዛ ግጥም ምስ እትዕወተላ፡ ድሕሪኣ እትጻወት ደንደን ከኣ፡ ብቀይሕ ባሕሪ ምስ እትስዓር፡ ካልኣይቲ ኮይና ናይ ምዛዛም ተኽእሎ ስለዘለዋ፡ ከገድሳ እዩ።

ዝሓለፈ ዓመት ወርሒ ሕዳር ንኣዱሊስ ክዕልማ ዝጀመረ ፈሊሞን ወልደሚካኤል፡ ብዛዕባ ጋንታ ኩበርህ እንኽሉ፡ "ኣብ ታሕተዋይ ተርታ ስለዝጀንሐትና፡ ለውጢ ንምምጻእ ሰሪሕና፡ ጸቡቕ ደማ ከይዱልና። ብሃንደበታዊ ለውጢ ድማ ክሳብ ናይ ዋንጫ ተወዳዳሪት ኮይና ቀሪብ። ንኣስመራ በራ ስዒርና ኩኡ ደረጃና ክንወሰኽሉ ኢና ክንጽዕር።" ኢሉ።

ድሕሪኣ ጸወታ እትካየድ ግጥም ቀይሕ ባሕርን ደንደንን፡ ቀይሕ ባሕሪ ኣቐዲማ ሻምፕዮን ምዃና ብምርግጋጽ ኣብ ናይ ቀዳማይ ደረጃ ዝምጽኦ ለውጢ የለን።

ኣሰልጣኒ ደንደን ሳምሶም ሃብተማርያም (ጆስ)፡ "ናይ ዓሚ ክብርና ክንዕቅብ መዲብናኳ እንተነበርና፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ኣይተኻእለናን። ናይ ከዕሶ ነገር ከምኡ እዩ። ነዛ ናይ መዛዘሚ ጸወታ ግና፡ ንክብሪ ማልያና ኢልና ጸቡቕ ጸወታ ተጻዊትና ተዓዊትና ክንወጽእ ክንጽዕር ኢና።" ኢሉ።

ዓሚ ቀይሕ ባሕሪ ኤርሚያስ ተወልደ (ቲሉ) ድማ፡ "ሻምፕዮና ዝኾንናሉ ጉዕዞ ኣዝዩ ከቢድ እዩ ነይሩ። ንተጻወትተይ ብኽመይ ከምዝመስገኖም ቃላት ይሓጽረኒ። ደንደን እንተስዒራትና፡ ብነጥቢ ማዕረ ኮይንና፡ ብጸብለልታ ሽቶ ኢና ክንበልጽ። እዚ ግና ኣይንደልዮን ኢና፡ ስዒርና ኢና ዋንጫ ክንልዕል እንደሊ።" ኢሉ።

ቀይሕ ባሕሪ ብ33 ነጥቢን 22 ጸብለልታ ሽቶን ሻምፕዮን ምዃና ኣረጋጊጹ። ወላ'ውን ንቀይሕ ባሕሪ እንተሰዒራታ፡ ኣብ መንጎአን ዘሎ ፍልልይ ሽቶ ከተሕውዮ ግን ዘይትኽእል ደንደን፡ ብ30 ነጥብን 10 ጸብለልታ ሽቶን ካልኣይቲ ኣላ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ተጻዋታይ ኣዱሊስ ቢንያም ግርማይን ኣጥቃዓይ ቀይሕ ባሕሪ ስምኦን ኣስመላሽን ብማዕረ ሸሞንተ ሽቶታት፡ ንዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሽቶ ይወዳደሩ ኣለው። ጽባሕ ኣብ ዘኪይዱወን ግጥማት ከኣ ክፈላለዩ ይግመት።

## ተን ሃግ፡ ንምስልጣን ሆላንድ . . .

ናይ ቅድም ዓሰልጣኒ ማንቸስተር ዩናይትድ - ኤሪክ ተን ሃግ፡ መዘኡት ምዕላም ሃገራዊት ጋንታ ሆላንድ ክቕበል ከምዝይደሊ ገሊጹ።

ሆላንድ፡ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026፡ ካብ ዙር 32 ብሞሮኮ ብፍጹም ቅላዕ ተሳዒራ ድሕሪ ምውጽኣ፡ ዓሰልጣኒኣ ሮናልድ ኮማን ካብ መዘኡ ክምዝተኣልየ ይዝከር።



ፌደረሽን ከዕሶ እግሪ ሆላንድ፡ ነዚ ጥርሑ ዘሎ መዘኡት ንምሽፋኑ ዓሰልጣኒ ኣብ ምንዳይ ደርኩብ ኣሎ። ሓደ ካብቶም ኣብ ግምት ዝኣተዉ ዓሰምቲ ከኣ ኣብዚ እዋን ኣብ ኤፍሲ ትዌንተ ዝተባህለት ሆላንዳዊት ክለብ ሓላፊ ተክኒክ ኮይኑ ዝሰርሕ ዘሎ ተን ሃግ እዩ።

ይኹን እምበር፡ እዚ ናይ ዓዱ ሃገራዊት ጋንታ ንምዕላም ተጠሚቱ ከምዘሎ ዝተገልጸ ሆላንዳዊ፡ ካብዚ ዝበሃል ዘሎ ጉዳይ ኑብሱ ኣግሊሉዎ ኣሎ። "ድሌት የለኹን። ኣብዚ ሕጂ ሒዘዮ ዘለኹ ስራሕ፡ እንተውሓደ ንዝቕጽል ክልተ ዓመታት ከተከር እየ። በዚ ስራሕ ሕጉስ እየ፣ ነዛ ጋንታ ክሕግዝ ድማ እየ ዝደሊ።" ብምባል፡ ኣብ ዘለዎ ስራሕ ክቕጽል ምዃኑ ገሊጹ።

ምስ ምዝዛም ወቕቲ 2025-26 ካብ ሊቨርፑል ዝተፋነወ ኣርነ ስሎት፡ ሓደ ካብቶም ነዚ መዘኡት ክቕበሉ ተሓሪዮም ዘለዉ እዩ - ብማሰረት ጸብጻባት።

## "መሲ፡ ክም ወዲ 19 ዓመት እዩ ዝጻወት ዘሎ" ዓሰልጣኒ ሰጳኛ

ዓሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ ሰጳኛ - ሉዊስ ደ ላ ፉንተ፡ ሓለቓ ሃገራዊት ጋንታ ኣርጀንቲና ሊዮኔል መሲ፡ ኣብዚ ዋንጫ ዓለም 2026 ከም ወዲ 19 ዓመት ይጻወት ከምዘሎ ብምግላጽ ኣድኒቑዎ።

ወዲ 39 ዓመት መሲ፡ ኣብዚ ዕድመ'ዚ ኣብ ዋንጫ ዓለም ዘርእዮ ዘሎ ብቕዓት፡ ኣዝዩ መሳጢ እዩ። ሃገሩ ኣብ ርብዒ ፍጻመ ክትበጽሕ ልዑል ተራ ዝተጻወተ እዚ ኣጥቃዓይ፡ ዛጊት ሸሞንተ ሽቶታት ኣመዝጊቡ ኣሎ።

ብብቕዓት ናይዚ ብርቂ ተጻዋታይ ዝተመሰጠ ደ ላ ፉንተ፡ "መሲ፡ ከም ወዲ 19 ወይ 23 ዓመት ኮይኑ ዝጻወት ዘሎ ይመስል። ኣይደንቅም፡ ዘይዋዝዝ ንኹሉ ኣብኡ እዩ።" ክብል ፍሉይ ቁመና ሃሊጹ ምህላዉ ገሊጹ።

### መደብ ጸወታ

**ሰንበት**

ክረምታዊ ቅድድም ብሽክሌታ ኣብያተ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ክጀምር እዩ። እዚ ናይ ዝተፈላለዩ ክሊ ዕድመ ዝጻወቱሉ ውድድር፡ ኣብ ጸጸራት እዩ ክሰላሰል።

**ዋንጫ ዓለም 2026 ርብዒ ፍጻመ**

ኖርወይ - እንግሊዝ 12:00 ቅ.ቀ (ፍርቂ ለይቲ)

ኣርጀንቲና - ስዊዘርላንድ 4:00 ቅ.ቀ

## ገለ ካብ ክብረ ወሰናት ምባፐን ደቂ ጋንታኡን ድሕሪ ዓወት ኣብ ልዕሊ ሞሮኮ

ፈረንሳ፡ ሓሙስ ምሸት፡ ኣብ ርብዒ ፍጻመ ጸወታ ዋንጫ ዓለም 2026፡ ንሞሮኮ 2-0 ስዒራ፡ ናብ ፍርቂ ፍጻመ ምሕላፋ ይፍለጥ።

ንሽቶታት ናይዛ ጋንታ፡ ኪይላን ምባፐን ኦሶማን ደምበለን እዮም ኣመዝጊቦመን። ምባፐ ሻሙናይቲ፡ ደምበለ ሓሙሻይቲ ሽቶኦም ናብዚ ውድድር እዮም ኣመዝጊቦም።

በዚ ድማ፡ ክልተ ደቂ ጋንታ ኣብ ሓደ ውድድር ልዕሊ ሓሙሽተ ሽቶታት ዘመዝገቡ ኮይኖም - ድሕሪ'ቲ ኣብ 2002 ብራዚላውያን ተጻወትቲ ሮናልዶን ሮቫልዶን ዘቖጸርዎ። እዞም ፈረንሳውያን፡ ብሕጂ ጸወታ ስለዘለዎም ነዚ ክብረ ወሰን ናይ ብሕቶም ክገብርዎ ይኽእሉ እዮም።

መላፍንቲ ዝኾኑ ምባፐ፡ ደምበለን ኦሊሰን፡ ዛጊት ኣብ 23 ሽቶታት እግሮም ሓዊሶም ኣለው። ልዕሊ'ቶም ብ'ሰለስተ ኣር' (3Rs) ዝጽውዑ ዝነበሩ ሮናልዶ፡ ሮናልዲኖን ሪቫልዶን ኣብ 2022 ዝበርዎም ሱታፌ ማለት እዩ።

ምባፐ፡ ኣብዚ ውድድር፡ ኣብ ልዕሊ 11 ሽቶታት ተዋሲኡ ኣሎ፣ ሸሞንተ ብምምዝጋብ ሰለስተ ንኣመዝጊቡቲ ብምቕባል። በዚ ድማ፡ ናይ ፈለማ ተጻዋታይ ድሕሪ 1966 ዋንጫ ዓለም፡ ኣብ ክልተ ዋንጫ ዓለማት ኣብ 10'ን ልዕሊኡን ሽቶታት ዝተዋስአ ኮይኑ። ኣብ 2022 ኣብ 10 ሽቶታት ተሳቲፉ ብምንባሩ።

ጀርመናዊ ናይ ቅድም ተጻዋታይ ገርድ ሙለር፡ ኣብ ዋንጫ ዓለም 1970 ኣብ 13 ሽቶታት ብምስታፉ፡ ክብረ ወሰን ሒዙ ኣሎ። ምባፐ፡ ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር፡ ደሮ 11 በጺሑ ብምህላዉ ክሰብሮ ትጽቢት ይግበረሉ።

ብመጀመሩ፡ ሞሮኻዊ ኣዩብ ቦዱ፡ ወዲ 18 ዓመትን 280 መዓልታትን እንከሎ፡ ኣብታ ናይ ርብዒ ፍጻመ ግጥም ብምጽዋቱ፡ ካልኣይ ዝነኣሰ ተጻዋታይ ኣብዚ መድረኽ ዝተጻወተ ኮይኑ። ፔሌ፡ ኣብ 1958 ኣብ ርብዒ ፍጻመ ኣንጻር ዌልስ ወዲ 17 ዓመትን 239 መዓልታትን ብምጽዋቱ፡ ክብረ ወሰን ሒዙ ኣሎ።

## ርብዒ ፍጻመ ዋንጫ ዓለም፡ 'ፊፋ ኣንጻር ስዊዘርላንድ'

ናይ ርብዒ ፍጻመ ጸወታታት ዋንጫ ዓለም 2026፡ ሓሙስ ምሸት ብዮጥም ፈረንሳን ሞሮኮን ከምዝፈለመ ይፍለጥ።

ትማሊ ዓርቢ ምሸት'ውን፡ ጋዜጣ ኣብ ሕትመት እንከላ፡ ስጳኛን ቤልጅዩምን ተጻዊተን ነይረን።

ሰንበት ከኣ፡ ኖርወይን እንግሊዝን፡ ከምኡ'ውን ኣርጀንቲናን ስዊዘርላንድን ክጻወታ እየን።

ኣካየዲ ናይዚ ውድድር ዝኾነ ፊፋ፡ ንኣርጀንቲና ብዙሕ ሓለፋ ይገብረላ ኣሎ ኢሉም ዝከሱ ገለ ወገናት ከኣ፡ ንግጥም ኣርጀንቲና ምስ ስዊዘርላንድ፡ 'ፊፋ ኣንጻር ስዊዘርላንድ' ክብሉ ይጽውዕዎን ይጨርቁሉን ኣለው።

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ዩክሬን፡ ጸረ ባለስቲክ ሚሳይል ንኽተፍሪ ፍቓድ ረኺባ

ፕረዚደንት ዩክሬይን ቮሎድሚር ዘለንስኪ፡ ሃገሩ ጸረ ባለስቲክ ሚሳይል ክተፍሪ ካብ ኣመሪካ ኣድላዪ ፍቓድ ከውሃባ ከም እተሰማምዐት ገለጸ።

ፕረዚደንት ዘለንስኪ፡ ሃገሩ ነቲ ኣመና ኣገዳሲዋ ዘሎ ጸረ ባለስቲክ ሚሳይል ንኽተፍሪ፡ ብቕልጡፍ ጻዕርታት ክትጅምር ከም ዘለዋ ድማ ወሲኹ ኣገንዚቡ።




ንሱ፡ ኣብ ቱርኪ ካብ ዝተኻየደ ዋዕላ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ድሕሪ ምምላሱ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ'ዩ፡ ነቲ ናይ ምፍራይ ፍቓድ ካብ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ከም ዝረኸቦ ዝገለጸ። እቲ ናይ ምፍራይ መስርሕ ብቕልጡፍ ክጅምር እንተ ኾይኑ ግን፡ እቲ ዛዕባ ብቐረባ ዝምልከቶም ሚኒስትሪታትን ሰበ ስልጣንን ሃገሩ ነቲ ሕጋዊ ፍቓድ ናይ ምርኻብ መስርሕ ክቀላጥፍዎ ከም ዘለዎም ኣረዲኡ።

ዩክሬን ነቲ ካብ ፌደረሽን ሩስያ ዝውንጨፉላ ዘሎ ሚሳይላት ኣብ ምምካን ሓገዝ ምዕራባውያን መኻኸኒታ እኳ ክትረክብ እንተ ጸንሐት፡ ኣህጉራዊ ቀረብ ናይቲ ስርዓት-ምክልኻል እናወሓደ ይኸይድ ኣብ ዘለወሉ እዋን ግን፡ ነቲ ሓገዝ ከም ድላያ ክትረኽቦ ትጽገም ከም ዘላ እያ ምስቲ ዛዕባ ቅርበት ዘለዎም ወገናት ዝሕብሩ።

ፕረዚደንት ዘለንስኪ፡ ነቲ ኣብ ቀረብ ጸረ ሚሳይላት ዝጋጥሞ ዘሎ ሕጽረት ንምብዳህ፡ ፓትሪዮት ጸረ ሚሳይል ኣብ መሬት ሃገሩ ንምፍራይ ዘኽእሎ ፍቓድ ክረክብ ንኣመሪካ ክምሕጸና ምጽንሑ ይግለጽ።

## ስጳኛ - ብባርዕ መሮር 12 ሰባት ሞይቶም

ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ስጳኛ ብዝተወልዐ ባርዕ መሮር፡ ዛጊት 12 ሰባት ክሞቱ እንከለው፡ ካልኦት 23 ሰባት ከኣ ደሃዮም ጠፊኡ ከም ዘሎ፡ ሰበ ስልጣን ናይታ ሃገር ሓቢሮም።



እቶም ሰበ ስልጣን ወሲኾም፡ እቲ ባርዕ መሮር ብሰንኪ ልዑል መቐት፡ ትሑት መጠን ጠልን ብርቱዕ ንፋስን ካብ ከተማ ናብ ከተማ ብቕልጡፍ ክላባዕ ከም ዝኸኣለ ገሊጾም።

ክፍሊ መጥፋእቲ ሓዊ ስጳኛ፡ ነቲ ሃልሃልታ ንምቁጽጻር ሄሊኮፕተራትን ብርክት ዝበሉ ሰራሕተኛታቱን ኣዋፊሩ ይረባረብ ምህላዉ ሓቢሩ።

ፖሊስ ናይታ ሃገር ብወገኑ፡ ኣማኢት ነበርቲ ናይቲ ባርዕ ዘጋጠሞ ከባቢ ካብ ኣባይቶም ተመዛቢሎም ከም ዘለዉ ድሕሪ ምግላጽ፡ ንጠንቂ ናይቲ ባርዕን ግዳያትን ንምልላይ መርመራ ጀሚሩ ከም ዘሎ ኣፍሊጡ።

## ቀዳማይ ሚኒስተር ካናዳ ናብ ስዑዲ ዓረብ በጺሑ

ቀዳማይ ሚኒስተር ካናዳ ማርክ ካርኒ፡ ኣብ ስዑዲ ዓረብ ወግዓዊ ምብጻሕ ከም ዝፈጸመ ተሓቢሩ።

እቲ ምብጻሕ፡ ኣታዊን ሪያድን ኣብ ዕደናን ጸዓትን ዘለወን ዝምድና ንምሕያል ጻዕርታት የካይዳ ኣብ ዘለዋሉ እዋን እዩ ተኻይዱ።

ክልቲአን ሃገራት፡ ናይ 1 ቢልዮን ዶላር ዝግመት፡ ንጥዕናን ምክልኻልን ዘጠቓልሉ 13 ሓደስቲ ስምምዓት ከም ዝኸተማ ከኣ ተገሊጹ።

ብመሰረት መግለጺ ቤት ጽሕፈት ማርክ ካርኒ፡ እቶም ውዕላት፡ ኩባንያታት ካናዳ ኣብ ስዑዲ ዓረብ ፕሮጀክትታት ዕደናን ጽሩይ ጸዓትን ኣብ ምምዕባል ንኽዋስኡ ዝሕግዙ ስምምዓት ይርከብዎም።

ቀዳማይ ሚኒስተር ካርኒ ምስ ወራሲ ዓራት ስዑዲ ዓረብ ልኡል መሓመድ ቢን ሳልማን ኣብ ዘካየዶ ዘተ፡ ነቲ ኣብ ትሕቲ መራሕነት ቀዳማይ ሚኒስተር ካናዳ ነበር ጃስቲን ትሩዶ ተበላሽዩ ዝጸንሐ ዝምድና ከም እንደገና ንምሕዳስ ዝዓለሙ ኣገደስቲ ስምምዓት'ውን ከም ዝኸተሙ፡ ቤት ጽሕፈት ናይቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ወሲኹ ኣፍሊጡ።

ዝምድና ካናዳን ስዑዲ ዓረብን፡ ኣብ ዘመነ ቀዳማይ ሚኒስተር ነበር ጃስቲን ትሩዶ ኣብ 2018 ምሉእ ብምሉእ እኳ እንተ ተበተከ፡ ኣብ 2023 ግን እተን ሃገራት ዲፕሎማስያዊ ዝምድናአን ከም ዘሐደሳአ ጸብጻባት የመልክቱ።



ማርክ ካርኒ፡ ድሕሪ ርብዒ ዘመን ናብ ስዑዲ ዓረብ ወግዓዊ ምብጻሕ ዘካየደ ቀዳማይ ሚኒስተር ካናዳ ኮይኑ፡ ኣብታ ሃገር ንኽልተ መዓልታት ድሕሪ ምጽናሕ ትማሊ ዓርቢ ናብ ሃገሩ ከም እተመልሰ ምንጭታት ሓቢሮም።

## ጀርመን፡ ካብ ኣመሪካ ዝተራቐቐ ሚሳይል ትሸምት

ጀርመን፡ ወተሃደራዊ ዓቕማ ንምጕልባት ካብ ኣመሪካ 'ቶማሃውክ' ዝተሰምየ ዝተራቐቐ ክሩዝ ሚሳይል ክትሸምት ምዃና ሓቢራ።

መንግስታት ክልተአን ሃገራት፡ ንመሸጣ ናይ'ቲ ኣጽዋር ብዝምልከት ኣብ ስምምዕ በጺሖም ከም ዘለዉ ዝገለጸ ቻንስለር ጀርመን ፍሪደሪክ መርዝ፡ እቲ ስምምዕ ኣብ ቀረባ መጻኢ ከም ዝትግበር ኣረዲኡ።

እቲ ስምምዕ፡ ኣብ ቱርኪ ኣብ ዝተኻየደ ዋዕላ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ከም ዝተበጽሐ፡ ቻንስለር መርዝ ወሲኹ ኣሕፊሩ።

ጀርመን ነቲ ኣጽዋር ብናይ ዘይዝወሰነ ኣብ መሬታ ከተዋድዶ ኣብ 2024 ተሰማሚዓ እኳ እንተ ነበረት፡ ብዘይተፈላለየ ምኽንያት ከይተተግበረ ከም ዝጸንሐ እዩ ዝግለጽ።

ክሳብ 2,600 ኪሎ ሜተር ርሒቑ ንዘርከበ ዒላማ ክወቅዕ ዝኽእል ክሩዝ ሚሳይል 'ቶማሃውክ'፡ ኣቐዲመን ብሪጣንያ፡ ኣውስትራልያ፡ ጃፓንን ሆላንድን ከም ዝሸመታኦ ጸብጻባት የመልክቱ።

ሃገራት ኤውሮጳ፡ ድሕሪ ምውላዕ ኲናት ዩክሬን ኣብ'ቲ ኣህጉር ዝተፈጥረ ጸጥታዊ ስግኣታት ንምብዳህ፡ ወተሃደራዊ ዓቕመን የደንፍዓ ምህላወን እየን ተዓዚበን ዘረድኣ።



## ቻይና፡ ብጉዳይ ጠፈር ንጃፓን ተጠንቀቕ

ጃፓን ንጽላት ጠፈር ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ስጉምቲ ካብ ምውሳድ ክትሕየብ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ጸዊዑ።

እቲ ሚኒስትሪ ዝ. ጻውዒት ዘቕረበ፡ ጃፓን ጸጥታኣ ንምውሓስ ኣሃዱ ጠፈር ተዋድድ ከም ዘላ ድሕሪ ምግላጹ እዩ።

ተግባራት ጃፓን፡ ኣብ መንጎ ሃገራት ኤስያ ተመሳሳሊ ውድድር ክስዕብ ከም ዝኽእል ዘተሓሳስበት ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና፡ ኣብ ተግባር ከይውዕል ኣዘኻኺራ ኣላ።

ጃፓን ኣብ ዝሓለፈ ሓሙሽተ ዓመታት ንባጀት ጽላት ምክልኻላ ብኣስታት 30 ዕጽፊ ከም ዘዕበየቶ እዮም ጸብጻባት ዘመልክቱ።

ንምንቅስቓሳት ጃፓን ብዕቱብ ትከታተሎ ዘላ ቻይና፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ መዓልታት ኣብ ልዕሊ 40 ኩባንያታት ናይታ ሃገር ናይ እገዳ ስጉምቲ ከም ዝወሰደት ምንጭታት ይሕብሩ።




እቲ ስጉምቲ፡ መልሰ ግብሪ ናይ'ቲ ጃፓን ወተሃደራዊ ዓቕማ ንምድንፋዕ እተካይዶ ዘላ ጽዑቕ ምንቅስቓሳትን ኣብ ጉዳይ ደሴት ታይዋን ትገብሮ ዘላ ምትእትታውን ምዃኑ፡ እቲ ሚኒስትሪ ኣረዲኡ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ጃልያ | 11/7/26 | ጎደና ሰኪይቲ ቁ.84፡ ፊት ቤት ትምህርቲ ጃልያ | 110680 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services